# ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ግቡእነት ኣገባብ ኣፈታትና ክእለት ንባብ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017 ዓ.ም

ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ንዝወሃብ ካልኣይ ዲግሪ መማልኢ ዝቐረበ መፅናዕታዊ ፅሑፍ

ብ
ጎተይቶም መንገሻ ሞላ

ዩኒቨርሲቲ መቐለ
ኮለጅ ሕብረተሰብ ሳይንስን ቋንቋታትን
ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ፣ ስነ ፅሑፍን ፎክሎርን ትግርኛ
መርሃ ግብሪ ድሕረ ምረቓ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ

ነሓሰ፣ 2017 ዓ.ም.
መቐለ

ዩኒቨርሲቲ መቐለ
ኮለጅ ሕብረተሰብ ሳይንስን ቋንቋታትን
ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ፣ ስነ ፅሑፍን ፎክሎርን ትግርኛ
መርሃ ግብሪ ድሕረ ምረቓ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ

# ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ግቡእነት ኣገባብ ኣፈታትና ክእለት ንባብ ትግርኛ ታሸዓይ ክፍሊ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017 ዓ.ም

ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ንዝወሃብ ካልኣይ ዲግሪ መማልኢ ዝቐረበ
መፅናዕታዊ ፅሑፍ

ብ
ጎተይቶም መንገሻ ሞላ

ዋና ኣማኻሪ
ትካቦ ገ/ስላሴ (ዶ/ር)

ነሓሰ፣ 2017 ዓ.ም.
መቐለ

ዩኒቨርሲቲ መቐለ
ኮለጅ ማሕበራዊ ሳይንስን ቋንቋታትን
ክፍሊትምህርቲ ትግርኛ

# ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ግቡእነት ኣገባብ ኣፈታትና ክእለት ንባብ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017ዓ.ም

ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ንዝወሃብ ካልኣይ ዲግሪ መማልኢ ዝቐረበ
መፅናዕታዊ ፅሑፍ

ብ
ጎተይቶም መንገሻ ሞላ

<u>ኣባላት ቦርድ ፈተና</u>

| | ክታም | ዕለት |
|---|---|---|
| ናይ ደገ ፈታኒ ________________ | ________ | __________ |
| ናይ ውሽጢ ፈታኒ ________________ | ________ | __________ |
| ዋና ኣማኻሪ ትካቦ ገ/ስላሴ (ዶር.) | ________ | __________ |
| ሓጋዚ ኣማኻሪ ብርሃነ ኣዲስኣለም (ኣይተ) | ________ | __________ |
| መሳለጢ መድረኽ ________________ | ________ | __________ |

ነሓሰ÷2017 ዓ·ም·

## መግለፂ ዋንነት መፅናዕቲ

ኣነ ጎተይቶም መንገሻ ሞላ ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ግቡእነት ኣገባብ ኣፈታትና ክእለት ንባብ ትግርኛ ታሸዓይ ክፍሊ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017ዓ.ም ብዝብል መፅናዕቲ እንተካይድ ኣድለይቲ ንዝኾኑ ሓሳባት ምስ ፍልፍሎም ተጠቒመ እየ። ምስ እዚ መፅናዕቲ ተተሓሒዙ ንዝመፅእ ጥቕምን ተሓታትነት እውን ባዕለይ ከም ዝወስድ እንዳሓበርኩ ቦኽሪ መፅናዕቲ ምኳኑ የረጋግፅ።

ሽም መፅንዒት፦ ጎተይቶም መንገሻ ሞላ

ዕለት፦______________።

ክታም፦_____________።

# ምስግና

ብመጀመሪያ ናብዚ ደረጃ ዘብፃሓኒ ልዑል እግዚአብሔር ክብርን ምስጋናን ይብፃሓዮ። ብምቕፃል እዚ መፅናዕቲ ተጀሚሩ ክሳብ ዝውዳእ ደኺሙኒ ከይበሉ ብስልክን ብኣካልን ብምርካብ መፅናዕተይ ብምእራምን ጠቓሚ ምኽርታት ብምሃብን ካብ ጎነይ ዘይተፈለዩኒ ኣማኸርተይ ትካቦ ገ/ስላሴን ዶ/ር መምህር ብርሃነ ኣዲሳለምን ዝለዓለ ምስጋና የቕርብ። ብተወሳኺ ሞራላውን ሓሳባውን ድጋፍ ንዝገበሩለይ ስድራይ፣ መሓዙተይን መሳርሕተይን ካብ ልቢ የመስግን።

# ማራ ፅሑፍ

*ቀንዲ ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ግቡእነት ኣገባብ ኣፈታትና ክእለት ንባብ መምህራን*

*ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017ዓ.ም. ዘለዎም ዝምድና ምግምጋም እዩ። እዚ ኣብ ዳህሰሳዊ ዓይነት መፅናዕቲ ዝምደብ ኮይኑ እዚ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ንምዕዋት ፈተሻ ሰነድ ዕሉም ሜላ ኣመራርፃ ብምጥቃም ኣድለይቲ ዝበሃሉ መረዳእታታት ተኣኪቦም እዮም።ኣብቶም ፈተናታት ዝርከቡ ትሕዝቶታት ምስቲ ናይቲ ብርኪ ትምህርቲ ዕላማታት ብኸመይ ከም ዝዛመዱ ንምግምጋም ኣድለይቲ ዝበሃሉ ሰነዳት መርሃ ትምህርቲ፣ መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ከምኡ እዉን ኣብ 2017ዓ.ም. ተዳልዮም ዝቐረቡ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊ ፈተናታት ከም መርኣያ ተወሲዶም ኣብኦም ዝተረኸበ መረዳእታታት ድማ ብመጠናዉን ዓይነታዉን ሜላ መፅናዕቲ ተጠቒሙ ብገለፃዊ ትንተና ቐሪቡ እዩ።ኣብዚ ዝተረኸበ ዉፅኢት ድማ እቶም ናይቲ ብርኪ ዕላማ ትምህርቲ ንኹሎም ክእለታት ቋንቋ ኣካቲቶም ዝቐረቡ እንትኾኑ ኣብ 2017ዓ.ም. ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ተዳልዮም ዝቐረቡ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተናታት ግን ንክእለት ምድማፅ፣ ዝርርብን ንባብን ሙሉእ ብሙሉእ ኣየካተቱን።ኣብ 2017ዓ.ም. ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ተዳልዮም ዝቐረቡ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተናታት ምስ ዕላማታት ትምህርቲ መምርሒ ንመምህር፣ መርሃ ትምህርቲን መፅሓፍ ተምሃራይን ዘለዎ ርክብ እንትንግምግም ድማ ምንም ዝምድና ይኹን ኣግባብነት ከምዘይብሉ እቶም ዝቐረቡ መረዳእታታት የመልክቱ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ኣብ ዝዳለዉ ፈተናታት ክእለት ንባብ ቋንቋ ትግርኛ 9ይ ክፍሊ ክንዲዝከኣል ምስ ዕላማታት ትምህርቲ ተዛሚዶም ኣግባብ ብዘለዎ መንገዲ ንኽቐርቡ፤ ከምኡ ውን ንመምህራን ነዚ ዘዕባ መሰረት ዝገበሩ ስልጠናታትን ተመኩሮ ልውውጣትን ብዝምልከቶም ኣካላት እንተዝዋሃብ ዝብል ብለበዎ ቐሪቡ ኣሎ።*

# ትሕዝቶ ሰደቓ

**ትሕዝቶ** **ገፅ**


ምስጋና ........ I

ማራ ፅሑፍ ........ II

ምዕራፍ ሓደ፤ መእተዊ ........ 1

1.1. ድሕረ ባይታ መፅናዕቲ ........ 1

1.2 ሓተታ ፀገም መፅናዕቲ 4
1.3. ዕላማ መፅናዕቲ 4
1.3.1.ሓፈሻዊ ዕላማ 4
1.3.2 ዝርዝር ዕላማ 5
1.4. ረብሓ መፅናዕቲ 5
1.5. ደረት መፅናዕቲ 5
ምዕራፍ ክልተ፤ ዳህሳስ ተዛመድቲ ድርሳናት 6
2.1 እንታይነት ፈተና 6
2.1.1. እንታይነት ፈተና ቋንቋ 6
2.1.2 ዕላማ ፈተና ቋንቋ 7
2.2. ግቡእነት ፈተና 9
2.3. ዓይነታት ግቡእነት ፈተና 9
2.3.1. ትሕዝቶ ተኰር ፈተና 9
2.3.2. ረብሓ ትሕዝቶ ተኰር ፈተና 10
2.3.3. ረቛሒ ተኰር ፈተና 10
2.3.4. ብሩህነት ፈተና 10
2.3.5. ተኣማንነት ፈተና 11
2.3.6. ተግባራዊነት ፈተና 12
2.3.6.1 ፀለውቲ ምኽንያታት ተግባራዊነት ፈተና 12
2.3.7. ሓቃውነት ፈተና 13
2.4. ትምህርቲ ቋንቋን ፈተና ቋንቋን ዘለዎም ዝምድና 13
2.5. ዓይነት ፈተና ቋንቋ ብመንፅር ረብሓኦም 13
2.5.1 መዐቀኒ ክእለት ፈተና 14
2.5.2 ኣመራርፃ ትሕዝቶ መዐቀኒ ክእለት ፈተና 15
2.6. ዓይነት ፈተና ቋንቋ ብመንፅር ኣቀራርባ 15
2.6.1 ምረፅ ዓይነት ሕቶ 15
2.7. እንታይነት መርሃ ትምህርቲ 16

2.7.1 ረብሓ መርሃ ትምህርቲ 17

2.8. እንታይነት መምርሒ ንመምህር 17

2.9. እንታይነት መፅሓፍ ተምሃራይ 18

2.9.1 ረብሓ መምህሪ መፅሓፍ 19

2.10. ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ፈተና ቋንቋን 19

2.11. ዝምድና መርሃ ትምህርትን ፈተና ቋንቋን 20

2.12. ዝምድና መፅሐፍ ተምሃራይን ፈተና ቋንቋን 20

2.13. ዳህሳስ ቀዱማት ተዛመድቲ መፅናዕታት 21

ምዕራፍ ሰለስተ፤ ሜላ መፅናዕቲ 22

3.1 መጠን ተፀናዕቲ 22

3.1.1 ሰነድ 22

3.2. ሜላ መአከቢ መረዳእታ 22

3.2.1 ፈተሻ ሰነድ 23

3.3 ሜላ ኣተናትና መረዳእታ 23

ምዕራፍ ኣርባዕተ፤ ኣቀራርባን ትንተናን መረዳእታ 24

4.1 ካብ ተፍታሽ ሰነድ ዝተረኸበ መረዳእታ 24

4.1.1 ሓፈሻዊ ተፍትሽ መርሃ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ 24

4.1.2 ሓፈሻዊ ተፍትሽ መምርሒ ንመምህር ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ 26

4.1.3. ሓፈሻዊ ተፍትሽ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ 27

4.1.3.1 ደጋዊ ተፍትሽ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ 28

4.1.3.2 ውሽጣዊ ተፍትሽ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ 28

4·1.4. ተፍታሽ ዕላማ ትምህርቲ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ 29

4.1.5. ኣብ ሰለስቲኦም ብርኪ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊዝተፈተሹ ሰነዳት 30

4·1·6. ተፍታሽ ትሕዝቶ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ 2017ዓ.ም 31

4.2. ገምጋም ዕላማ መርሃ ትምህርትን ትሕዝቶ ቀዳማይን ከልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና ታሽዓይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017ዓ.ም. 33

4.3. ገምጋም ዕላማ መምርሒ ንመምህርን ትሕዝቶ ቀዳማይን ከልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና ታሽዓይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017ዓ.ም. 35
4.4. ገምጋም ዕላማ መፅሓፍ ተምሃራይን ትሕዝቶ ቀዳማይን ከልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና ታሽዓይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017ዓ.ም. 37
4.5. ሰለስቲኦም ዕላማታት ብርኪ ትምህርትን ትሕዝቶ ናይ ፈተና ክእለት ንባብ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017ዓ.ም. 39
ምዕራፍ ሓሙሽተ፤ መጠቓለሊ፣ መደምደምታን ለበዋን 42
5.1. መጠቓለሊ 42
5.2. መደምደምታ 44
5.3 ለበዋ 45
መዋኽስቲ ድርሳናት 48

# ምዕራፍ ሓደ፤ መእተዊ

## 1.1. ድሕረ ባይታ መፅናዕቲ

ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋ ካብ ፖሊሲ ቋንቋ ተደሪኹ ዝሕንፀፅን ዝዳሎን ኮይኑ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር በቲ ዕላማ ትምህርቲ እናተመርሐ ተምሃሮ ክእለታትን ፍልጠታትን ንኸዕብዩን ንኽረዳድኡን ዝሕግዝ እዩ።ስለዝኾነ እውን ኣብ መርሃ ትምህርቲ፣ መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ዘለዉ ዕላማታት ኣብ ተግባር እንትውዕሉ ኣብ ተምሃሮ ክርከብ ዝተደለየ መሰረታዊ ናይ ባህሪ ለውጥን ክእለታትን ከዕብዩ ይኽእሉ እዮም። ብተወሳኺ እውን ምስትምሃር ክእለት ንባብ ተምሃሮ ክእለት ምዝራብ ምስ ክኣሉ ካብ ምፍላይ ፊደላት ጀሚሩ ክሳብ ፅሑፋት ኣንቢብካ ምርዳእ ዘሎ ከይዲ እዩ። ነዚ ሓሳብ ተይለር (1949: 25) ዕላማ ትምህርቲ ሓደ ናይ ትምህርቲ ፕርግራም ብምድላውን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ውፅኢታዊ ብምግባርን፤ ኣብ ምድላው ስርዓተ ትምህርቲ ዓብይ ትኹረት ካብ ዝወሃቦም ጉዳያት እቲ ቀንዲ ዕላማ ትምህርቲ ምኻኑ፤ ናይ ሓደ ዕሉም ቋንቋ ትምህርቲ ውፅኢት ዘርኢ እዩ። ብምባል የራጉዶ። ምስትምሃር ክእለት ንባብ እውን ካብቶም ዕላማታት ትምህርቲ ሓደ ኮይኑ ተምሃሮ ብንባብ ኣቢሎም እቲ ዝድለ ክእለትን ፍልጠትን ንክጭብጡ ተባሂሉ ዝዋሃብ ተግባር ምምሃር ምስትምሃር ኮይኑ ውፅኢታውነቱ ድማ ብፈተና ኣቢልካ ምፍላጥ ይካኣል እዩ።

ምንባብ፣ ሓሳብ፣ መልእኽቲ ፍልጠት መርከቢ ማሳርሒ ስለዝኾነ ካብ ፊደል ቅርፅን ኣደማምፃን ምልማድ ቃላት፣ ሓረጋት፣ ምሉእ ሓሳባት ስርዓተ ነጥብታት ምፍላይን ዝተፈይን ዝተፈላለዩ መልእኽቲ ዝሓዙ ፅሑፋት ኣንቢብካ ምርዳእ ዝክኣለሉ መይላ ምሕባር እዩ።

Hughes (2003) ዕውት ዝኾነ ኣመራርፃ ንምስትምሃርን ንፈተናን ንባብ ዝውዕል ፅሑፍ ንኸህልወካ ውሳኒ ዝኾነ ልምዲ ክህልወካ ኣለዎ። ፅሑፍ ንባብ ምምራፅ ጥራሕ ዘይኮነስ ፅሑፍ (መፅሓፍ) ንተማሃራይ ምዝራብን፣ ምልምማድን ጠቓሚ ምኽሪ ምሃብን ወሳናይ እዩ። ይብል ብተወሳኺ ፡-

ኣብ መፅሓፍ ተማሃራይ ከም መርኣያ ዝኾኑ ፅሑፋት ምምራፅ፤ ስፍሓት እቲ ፅሑፍ ብኣንፃር ብዝሒ ቃላት እንተበዚሑ 2000 ክኸውን ኣለዎ። ኣብዚ ብፍላይ ኣብቶም ብዕሙቀት ኣንቢብካ ዝምለሱ ፅሑፋት ውሑዳት ቃላት ወይ ምሉእ ሓሳባት ክንጥቀም ኣለና ፤እቲ ፈተና ሓቃውነት ፣ ተቐባልነት፣ ተኣማንነት ንክህልዎ ብዙሓት ንባባት ክጠቓለሉ ኣለዎም ። ኣብዚ ንተግባራዉነቱ ዘጠራጥረ ክኸውን የብሉን ፣ዳህሰሳዊ ንባብ ክንመርፅ ከለና ብንባብ ዳህሰሳ ተነቢቦም ክርድኡ ዝኽእሉ ፅሑፋት ክኾኑ ኣለዎም ፤ቅልጡፍ ንባብ ዝሓቱ ፅሑፋት እንተኾይኖም መዋቅሮም ብዝቐለለ ማለት ብዝርድኦም መንገዲ ክቐርብ አለዎ ፤ዝቐርብ ፅሑፍ ንተምሃሮ ብዝስሕብ መልክዕ እምበር ስምዒት ብዝትንክፍ መልክዑ ክቐርብ የብሉን ፤ንምስትምሃር ንባብ ዝቐርቡ ፅሑፋት የመና ቀሊል ወይ የመና ከቢድ ክኸውን የብሉን ብምባል ብዝርዝር የቕምጦም ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ሓሳባት ንኣመራርፃ ንምስትምሃር ንባብ ዝውዕል ፅሑፍ ዝገልፁ ነጥብታት ኣብ እዋን

ሕርያ ንክእለት ንባብ ዝውዕል ፅሑፍ ኣቐዲምና ክንግንዘቦምን ኣብ ግምት ክነእትዎምን ዝግቡኡ ነጥብታት ምኺኖም ምግንዛብ ይከኣል፡

Heaton (1990፣172) ፈተና ውፅኢታዊ ንክኸውን ብሃበ ተረኺበ ዝዳለው እንተይኮነስ ሓሲብካን ኣስተንቲንካን ዝሰናዳእ ክኸውን ከሎ እዩ ይብል። ካብዚ እንርድኦ ፈተና ውፅኢታዊ ዝኸውን ንስርዓት ኣደላልዋ ፈተና ብምኽታል ክኸውን ኣለዎ።ከምኡ እውን Lizard (2005፣5) "ፈተና ተምሃሮ ክንደየናይ ዝኣክል ለውጢ ፍልጠት፣ክእለትን ኣረኣእያን ከም ዘምፅኡ ምፍታሽ ፣ንምምዛንን ንምግምጋምን ዘገልግል መሳርሒ እዩ። ይብል። (Madsen ፤1983)" ፈተና ተምሃሮ ፍልጠት ቋንቋኦም ንኸማዕብሉ ዝሕግዝ መሳርሒ እዩ ፤ከምኡ እውን ኣብ መርሃ ትምህርቲ ዝተሓበረ ሓፈሻውን ዝርዝርን ዕላማ ክንደየናይ ዝኣክል ግብራዊ ከም ዝኾነ ንምርግጋፅ ይሕግዝ ። ይብል።

ካብዞም ኣገላልፃታት ምርዳእ ዝከኣል ፈተና ብልምዲ ጥራሕ ዝሰናዳእ ዘይኮነስ፣ ስርዓቱ ዝሓለወ ኣደላልዋ ፈተና መሰረት ብምግባር ጥንቃቐን ትኹረትን ሂብካ ዝዳሎ ምኻኑ፤ ፈተና ውፅኢታዊ ዝኸውን ንስርዓት ኣደላልዋ ፈተና ብምኽታል ዝዳሎ ክኸውን ከም ዘለዎ እዩ።

Brown (2004፣23) "መብዛሕትኦም ፈተናታት ዋጋ ዘይብሎም ዝኾኑ ሓቃዊ ኣቀራርባ ፈተና ቋንቋ ስለዘየማልኡ እዩ ፤ብምባል ምናልባት ቅደም ስዓቦምን ኣብ መንጎ ሕድሕዶም ዝህሉ ዝምድናን ሓቃውነትን ስለ ዘይገልፁን እዩ። ይብል ።ከምኡ እውን Anderson (2003፣1)"ፈተና ሓበሬታ እንእክበሉን ውሳነ እነዕርፈሉን እኳ እንተኾነ፣ ቅድሚ ውሳነ ምቕማጥና ግን ዓቕሚ ተምሃራይ ኣብ ግምት ምእታው ፣ዕላማ ፈተናን እቲ ውፅኢት መሰረት ዝገበረ ዝወሃብ ውሳነ ፈሊኻ ምፍላጥ ይግባእ ። ይብል።

ካብዞም ኣገላልፃታት ምርዳእ ዝከኣል ፈተና ቅድሚ ምፍታንና ተምሃራይና ኣብ ግምት ክነእቱ ከም ዘለናን ክንኽተሎ ዝግበእና መምርሕን መዋቕር ሕቶታትን ዘየሻሚ ብዝኾነ መልክዑ ክሰናዳእ ይግባእ፤ ከምኡ እውን ሓደ ሰብ ክንደይ ዝኣክል ፍልጠት፣ ክእለትን ብቕዓትን ከም ዘምፅእ እንፍትሽሉን እንምዝነሉን ከይዲ ኮይኑ፣ እቶም ዝሰናድኡ ፈተናታት ግን ግቡእነቶም ሓልዮም ዝዳለው ምኻኖም ክስመረሉ ዘለዎ ጉዳይ እዩ።

ብምቕፃል እውን Hughes (2003) ኣብ ምስትምሃርን ምፍታንን ንባብ ፣ ንተማሃሮ ዝዋሃብ ፅሑፍ ንተምሃሮ ዝምጥን መረዳእታ ዝሓዙ ፅሑፋት ከም ጋዜጣ ፣መፅሄት ፣ግጥምታት ፣ ዓወደ ጥበብ ፣ ዲክሽነሪ ፣ ደብዳቤታት ፣ ዲያሪ፣ ካርታ ፣ ፖስት ካርድ፣ ነዊሕ ልቢወለድ ፣ሓፂር ልበ ወለድ ወዘተ የጠቓልሉ ብምባል ወሲኹ ይገልፅ።

ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ንምስትምሃርን ንምፍታን ክእለት ንባብ ካብዞም ዝቐረቡ ሰነዳት ክንጥቀም ከምንኽእል ተሓቢሩ ኣሎ። ስለዝኾነ እውን ተምሃሮና ብቑዓት መንበብቲ ንክኾኑ ነዞም ፅሑፋት ብመንፀር ዕላማና ኣተገባብራናን ክንጥቀመሎም ይግባእ ።

በዚ መሰረት ድማ ታሸዓይ ክፍሊ ዝዋሃብ ፈተና ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ምስ ተወደአ ኣብ መወዳእታ

ዝወሃብ ምኽኑ ዝፍለጥ እዩ።

ስለ ዝኾነ ድማ ኣብ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ቤት ትምህርቲ ዳዩ ንታሽዓይ ክፍሊ ተዳልዮም ዝቐርቡ ፈተናታት ክእለት ንባብ እውን መምርሒ ንመምህር፣ መርሃ ትምህርትን መፅሓፍ ተምሃራይን መሰረት ገይሮም ንዝተሓንፀፁ ዕላማታት ትምህርቲ ቋንቋ ኣብ ሸቶ ዘብፅሑ እዮም ተባሂሉ ትፅቢት ይግበር። ብተወሳኺ እውን ትሕዝቶታት ፈተና ብመጠን ይኹን ብዓይነት ወኪል እቲ መርሃ ትምህርትን መምህሪ መፅሓፍን ክኾኑ ኣለዎም።

ብሓፈሻ ፈተና ናይ ሰባት ብቕዓቶም እንግምግመሉ ኮይኑ ፣ ኣብ ምድላው ድማ ብሃበተረኸበ ዘይኮነስ መምርሒ ኣደላልዋ ፈተና ብምኽታልን ከምኡ እውን ሓሲብካን ኣስተንቲንካን ክሰናዳእ ይግባእ። ካብ መምርሒ ኣወሃህባ ጀሚሩ እስካብ መዋቕር ናይ እቶም ሕቶታት ግልፅነት ዘለዎን ዘየሻምን ብዝኾነ መልክዑ ክሰናዳእ ይግባእ።በዚ መሰረት መምህራን ረቋሒ ግቡእነት ኣደላልዋ ፈተና ኣብ ግምት ዘእተወ ኣደላላዋ ፈተና ክህልዎም ይግባእ ።ሰለዚ እዚ መፅናዕቲ እዚ ኣብ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዳዩ ንታሽዓይ ክፍሊ ኣብ 2017 ዓ.ም ዝተዳለው ክእለት ንባብ መሰረት ዝገበሩ ፈተናታት ብምድህሳስ ዘለው ጥንኩር ጎንን ድኹም ጎንን ብምንፃር ኣብ አደላልዋ፣ ኣፈታትናን ግቡእነትን ፈተና ንዝረኣዩ ክፍተታት ንምፅባብ ዝዓለመ መፅናዕቲ እዩ።

## 1.2 ሓተታ ፀገም መፅናዕቲ

መፅንዒት ነዚ መፅናዕቲ ንኽትመርፅ ዘላዓዓላ ምኽንያት ክሳብ ሕዚ ኣብ ዝገበረቶ ዳህሳስ ቅድማት መፅናዕትታት ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኣዳላልዋ፣ ግቡእነትን ምስ ዕላማ ትምህርቲ ዘለዎ ዝምድናን እምበር ብዛዕባ ዝምድና ዕላማ ትምህርቲን ኣገባብ ግቡእነት ኣፈታትና ፈተና ክእለት ንባብ ዝብል መፅናዕቲ ብዘይ ምርካባን ኣብ ዝተዓዘበቶም ፈተናታት ክእለት ንባብ ታሽዓይ ክፍሊ ሸለልትነት ኣደላልዋ ብምርኣያን ኣብ ዙርያ ዝምድና ዕላማ ትምህርቲን ግቡእነት ኣገባብ ኣፈታትናን ፅንዓት ብምግባር ዝተወሰነ ለውጢ ከምፅእ ይኸውን ዩ ዝብል እምነት ብምሕዳራ እዩ።

መምህራን ኣብ ምድላው ፈተና ክእለት ንባብ ነቶም ዕላማታት ትምህርቲ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ኣብ ምውፃእ እንታይ ይመስል? መምህራን ፈተና ክእለት ንባብ እንተውፅኡ ምስ ዕላማታት ትምህርቲ ብዝተመጣጠነ ወይ ብዝተዛመደ መልክዑ ዶ ይኸውን? ዝብሉ ሕቶታት ንምምላስ እዚ መፅናዕቲ ንምክያድ ምኽንያት ኮስይኑ ተረኺቡ ኣሎ። ብምኳኑ እውን እዚ መፅናዕቲ ኣብ 2017ዓ.ም ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ኣብ ዝተዳለው ናይ ታሽዓይ ክፍሊ ፈተናታት ክእለት ንባብ ምስ ዕላማ ብርኪ ትምህርቲ ዘለዎ ዝምድና፣ ግቡእነትን ኣገባብ ኣፈታትናን ብምፍታሽ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ይምልስ።

1. ትሕዝቶ ፈተና ክእለት ንባብ ታሽዓይ ክፍሊ ነቶም ዕላማታት ብርኪ ትምህርቲ መሰረት ገይርካ ኣብ ምውፃእ እንታይ ይመስል?
2. ኣብ መርሃ ትምህርቲ፣ መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ዝተኻተቱ ዕላማታት ትምህርቲ ክእለት ንባብ ምስ ትሕዝቶ ፈተና ዘለዎም ዝምድና እንታይ ይመስል?
3. ግቡእነት ኣገባብ ኣፈታትና ፈተናታት ክእለት ንባብ እንታይ ይመስል?

## 1.3. ዕላማ መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ ሓፈሻዊ ዕላማን ዝርዝር ዕላማን ሒዙ ይርከብ።

### 1.3.1.ሓፈሻዊ ዕላማ

ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ግቡእነት ኣገባብ ኣፈታትናን ፈተናታት ክእለት ንባብ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ዳዩ እንታይ ከም ዝመስል ምድህሳስ።

### 1.3.2 ዝርዝር ዕላማ

ሓፈሻዊ ዕላማ ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ፣ዝስዕቡ ዝርዝር ዕላማታት ቀሪቦም ኣለዉ ።

- ግቡእነት እቶም ክእለት ንባብ ንምዕቃን ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ተዳልዮም ዝቐረቡ ፈተናታት ክእለት ንባብ እንታይ ከም ዝመስሉ ምግምጋም፤
- እቶም ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ተዳልዮም ዝቐረቡ ፈተናታት ክእለት ንባብ ምስ ዕላማታት ትምህርቲ ዘለዎም ዝምድና ምድህሳስ፤
- ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ተዳልዮም ዝቐረቡ ፈተናታት ንባብ ብመሰረት ኣብ መርሃ ትምህርቲ ፣ መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ዝተኻተቱ ዕላማታት ትምህርቲ ዝተዳለዉ ምኻኖም ምፍታሽ።

## 1.4. ረብሓ መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕታዊ ፅሑፍ እዚ ኣብ ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ግቡእነት ፈተናታት ክእለት ንባብ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ኣብ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዳዩ ዝተደረኸ ኾይኑ፣ ነዚ መፅናዕቲ ኣብ ዝተገበረሉ ከባቢ ብፍላይ ኣብ ካልኣይ ብርኪ ንዘምህሩ መምህራን ብሓፈሻ እዞም ዝስዕቡ ረብሓታት ኣለውዎ ተባሂሉ ይእመን።ንሳቶም እውን፦

- ❖ መምህራን ኣብ ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ግቡእነት ኣገባብ ኣፈታትናን ፈተና ክእለት ንባብ ዘለዎም ክፍተት ንምፅባብ ኣንፈታት ይሕብር ።

- ❖ ኣብ ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ግቡእነት ኣገባብ ኣፈታትናን ፈተና ክእለት ንባብ ኣፍልጦ ንዘይብሎም መምህራን ዓቅሚ ይፈጥር ።
- ❖ ኣብ ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ግቡእነት ኣገባብ ኣፈታትናን ፈተና ክእለት ንባብ መፅናዕቲ ንዘካይዱ ኣካላት ከም መበገሲ ኮይኑ ከገልግል ይኽእል ።ብሓፈሻ እዚ መፅናዕታዊ ፅሑፍ እዚ እቶም ዝዳለው ፈተናታት ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ግቡእነት ኣገባብ ኣፈታትና ክእለት ንባብ ኣማሊኦም ክኾዱ ኣብ ምግባር ልዑል ተራ ኣለዎ።

## 1.5. ደረት መፅናዕቲ

ቀንዲ ትኹረት እዚ መፅናዕቲ ኣብ ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ግቡእነት ኣገባብ ኣፈታትናን ፈተና ክእለት ንባብ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017 ዓ.ም እንታይ ከም ዝመስል ዝድህስስ እዩ። ስለዚ ደረት እዚ መፅናዕቲ ኣብ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ኣብ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዳዩ ኣብ ዝተዳለዉ ፈተናታት ክእለት ንባብ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ዝተደረተ እዩ።

# ምዕራፍ ክልተ፤ ዳህሳስ ተዛመድቲ ድርሳናት

ኣብዚ ምዕራፍ እንታይነት ፈተና፣ ረብሓ ፈተና፣ እንታይነት መርሃ ትምህርቲ፣ መምርሒ ንመምህር፣ መምህሪ መፅሓፍን ርክብ ትሕዝቶ ፈተና ምስ መርሃ ትምህርትን መምህሪ መፅሐፍን ከምኡ እውን ምስዚ መፅናዕቲ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ተመሳሳልነት ዘለዎም ቅድማት መፅናዕትታት ዝድህሰሱ እዩ።

## 2.1 እንታይነት ፈተና

ፈተና ዓቅሚ ንምፍላጥን ካብ ሓደ ደረጃ ክፍሊ ናብ ዝቕፅል ደረጃ ክፍሊ ንምስግጋርን እናተሰርሐሉ ዝነበረን ሐዚ እውን እናተሰርሐሉ ዝርከብን እዩ። ያለው (2009፣189) ፈተና ማለት ዝተወሰኑ ሕቶታት ብምድላው ኣእምሮኣውን ባህርያውን ለውጢ ተፈተንቲ መረዳእታ ንምእካብ ዝሕግዝ መዐቀኒ መሳርሒ እዩ ብምባል ይገልፆ። ሰለሞን (2009፣6) ንKaplan (2001፣7) ጠቒሱ ፈተና ናይ ሓደ ሰብ ባህሪ ወይ ኣመለኻኽታ ንምፍላጥን ኣብ መንጎ ክልተ ሰባት ዘሎ ኣመለኻኽታ ኣፈላላይ ብምውድዳር ናይ ቐፃሊ ውሳነ ንምሃብን ንመምህር ኣበየናይ ትሕዝቶ ትምህርቲ ትኹረት ክገብር ከም ዘለዎ፤ ንተምሃራይ ድማ ኣብ ትምህርቲ ዘለዎም ድኽመትን ጥንካረን ዘርኢ እዩ ይብል። ብተወሳኺ Baker (1989፣ 25) ወዲሰብ ኣብ ህይወት ዘመኑ ብዛዕባ ሓደ ነገር ንምውሳን እኹል መረዳእታ ዝርከብ ካብ ፈተና ከም ዝኾነ ይገልፅ።

ከም ኣገላልፃ እዞም ፃሕፍቲ ፈተና ንተፈተንቲ ዝዋሃብ ኣእምሮኣውን ባህርያውን ለውጢ ንምዕቃን ትልሚ ወፂኢሉ ብዕላማ ዝካየድ ንጥፈት ምዃኑ የረድእ። እዚ ሓሳብ እውን ብፈተና ኣቢልካ ናይ ሰባት ኣመለኻኽታ ክትርዳእን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኣብ ዝታዓለመሉ ደረጃ ንክበፅሕ ኣድላይ ምዃኑ፤ ደቂ ሰባት ሓደ ነገር

ንምውሳን ዝኽእልሉን መረዳእታ ዝጥቀምሉን ከም ዝኾነ ብምርዳእ ክትግበር ከም ዘለዎ እዩ።

### 2.1.1. እንታይነት ፈተና ቋንቋ

ፈተና ቋንቋ በቲ ዕላማ ትምህርቲ መሰረት እቶም ክእለታትን ፍልጠትን ዝሓዘ እዩ። Meharensን Lenmana (1974፣3) እንትገልፁ ፈተና ቋንቋ በቲ ዕሉም ቋንቋ ክእለታት ንባብ፣ ፅሕፈት፣ ዝርርብን ምድማፅን ከምኡ እውን ኣብ ሰዋስው፣ ቃላትን ስነ ፅሑፍን ዘለዎም ፍልጠትን ክንደየናይ ከም ዝኾነ ንምፍላጥ ቅድሚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር፣ ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ወይ ድሕሪ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝዋሃብ መዐቀኒ መሳርሒ እዩ ብምባል ይገልፅዎ። ብተወሳኺ Brown (1994፣252) ፈተና ቋንቋ መጀመርታ ብዝርዝር ዝተተለመ ዕላማ ትምህርቲ ተምሃሮ ክንደየናይ ኣሳኺዖም ምኺኖም ንምፍላጥ ዝጠቅም ሜላ መሳርሒ ከም ዝኾነን ከምኡ እውን ተፈተንቲ ካብ ዘለዎም ደረጃ ክፍሊ ናብቲ ዝቕፅል ደረጃ ኽፍሊ ምሕላፎምን ምትራፎምን ንምፍላጥ ከም መረዳእታ ዘገልግል መሳርሒ ከም ዝኾነ ይገልፆ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝቐረቡ ሓሳባት ከም ዘረድኡና ፈተና ቋንቋ ኣብቶም ዓበይትን ንኡሳንን ክእለታት መሰረት ገይሩ ዝዋሃብ ምኳኑ፤ ከምቶም ካልኦት ዓይነታት ትምህርቲ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ትልምን ዕላማን ሒዙ ተምሃሮ ካብቲ ዘለዎም ደረጃ ክፍሊ ናብቲ ዝቕፅል ደረጃ ኽፍሊ ንኽዛወር ወይ ንኽተርፍ ምስ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ብማዕረ ከም መመዘኒ ዝጠቅም ምኳኑ እዩ። ፈተና ቋንቋ ካብቶም ዓይነታት ትምህርቲ ዝፈልዮ ኣብቶም ዓበይትን ንኡሳንን ክእለታት ዘተኮረ ብምኳኑ እዩ። ስለዚ ሓደ ተምሃራይ ናይ ቋንቋ ተምሃራይ እንትኾይኑ ነዞም ክእለታት ዕሉም ቋንቋ ክማሃርን ዝተምሃሮ ድማ ክንደየናይ ከም ዝጨበጦ ንምፍላጥ ክዕቀን ይግባእ።

ኣብ ምድላው ፈተና ቋንቋ ካብ ከልኦት ዓይነታት ትምህርቲ ንላዕሊ ዝለዓለ ጥንቃቐን ጠመተን ዝሓትት እዩ። ምኽንያቱ ዋና ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋ ነቶም ዓበይቲ ክእለታትን ንኡሳን ክእለታትን ንምምዕባል ስለ ዝኾነ እዩ። ስለዚ እቲ ዝዳሎ ፈተና ነዞም ክእለታት ብዝግባእ ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ሃገራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ዝዳሎ ፈተና እውን እናተምሃርዎ ምስ ዝፀንሑ ትምህርቲ ቋንቋ መሰረት ገይሩ እቶም ዓበይትን ንኡሳንን ክእለታት ዘካተተ ኮይኑ ክዳለው ይግባእ።

### 2.1.2 ዕላማ ፈተና ቋንቋ

ዋና ዕላማ ፈተና ቋንቋ ናይ ተምሃሮ ዓበይቲ ክእለታትን ንኡሳን ክእለታትን ትምህርቲ ቋንቋ ኣብ ከመይ ዝበለ ደረጃ ከም ዘሎ ምዕቃንን ምግምጋምን እዩ። Harrison (1983፣4) ብዛዕባ ዕላማ ፈተና ቋንቋ እንትገልፅ ዕላማ ፈተና ቋንቋ ተምሃሮ ዝተማሃርዎ ትሕዝቶ ትምህርቲ ክንደየናይ ከም ዝጨበጥዎ ንምፍታሽ፤ እቲ መምህር ዝጥቀመሉ ሜላ ኣመሃህራ ንምግምጋም፤ ተፈተንቲ ንቐፃላይ ክህልዎም ይኽእል ተባሂሉ ዝሕሰብ ክእለት ቋንቋ ንምግማትን ኣብ ተመሳሳሊ ደረጃ ኽፍሊ ንዘለው ተፈተንቲ ኣብቲ ደረጃ ክህልዎም ይኽእል ተባሂሉ ዝሕሰብ ብቕዓት ንምልካዕ እውን ዝጠቅም ምኳኑ እዚ ሙሁር ይገልፅ። ካብዚ ሓሳብ እንርድኦ ዕላማ ፈተና ቋንቋ

ኣብቶም ክእለታት ቋንቋ ዘተኮሩ ኮይኖም ከከም ዝተሓንፀፅዎ ትልሚ ፈተና ዕላማ ፈተና ቋንቋ እውን ዝተፈላለዩ እዮም። ፈተና እንትዳሎ እቲ ዕላማ እውን ምስቲ ዝተዳለወ ትሕዝቶ ፈተና ብዝዛመድ መልክዑ ክቕመጥ ይግባእ።

ዝሰናዳእ ፈተና ግቡእ ወይ ቅቡል እዩ ዝበሃል ሓደ ፈተና ከማልኦ ዝግብኦ ነጥብታት እንተማሊኡ እዩ። ነዚ ኣመልኪቱ Brown (2003 ፣24) ሓደ ፈተና እንትዳሎ እንታይ ንምልካዕ ከም ዝተሓሰበ ፣ብጭቡጥ እንታይ ከም ዝዓቀነን እቲ ፈተና ንዝደለናዮ መረዳእታ ንምርካብ ዘኽእል ምኺኑንን ዝብሉ ሕቶታት ዝምልስ እንተኹይኑ ግቡእ ፈተና እዩ። ብምባል ይገልፆ ።ካብዚ ብተወሳኺ Hughs (2006 ፣27)"ሓደ ፈተና ዝተሓሰበሉ ተግባር ዘሳኽዕ፤ ዝተዓለመሉ ዕላማ ምውቅዑ ዘንፀባርቕ እንተኾይኑ እቲ ፈተና ግቡእ እዩ ። ብምባል ይገልፆ ።

ካብ ናይዞም ምሁራን ኣገላልፃ ምርዳእ ዝከኣል ሓደ ፈተና ግቡእ እዩ እንብሎ ፣ ዝሰናድኡ ፈተናታት ዕላማ፣ትሕዝቶን ደረጃ ተምሃሮን መሰረት ብምግባር ነቲ ዕላማ ምዕዋቱን ዘይምዕዋቱን ክነረጋግፀሉ ዘኽእል ክኸውን እንተሎ እዩ።

ፈተና እንትዳሎ ናይ ባዕሉ መምርሒ ኣለዎ።እቲ መምርሒ ግን ኩሉ መምህር ትኹረትን ጠመተን ሂቡ ኣብ ምስንዳእ ክፍተት የርእዩ እዮም።መምህራን ብመምርሒ ኣደላልዋ ግቡእነት ፈተና ተኸቲሎም እንተሰናድኡ ተምሃሮ ብዘይምድንጋር ተፈቲኖም እቲ ዝድለ ውፅኢት ከምፅኡ ይኽእሉ ፤ብኣንፃሩ ድማ መምህራን ንመምርሒ ኣደላልዋ ግቡእነት ፈተና ሸለል ብምባል ግልፅነት ዝጎደሎም ፈተናታት እንተዳልው ፣ ውፅኢት ተምሃሮ ትሑት ክኸውን ይገብሮ።ተስፋዬ (1981፣119)" ኣብ ምድላው ፈተና ኣብ ልምዲ ዝተመስረተ ዘይኮነስ ፣ባዕሉ ዝኽኣለ ፣ክፍለጥ ዝግብኦ ዕላማን ባህርን ስለ ዘለዎ ጥንቃቐ ክግበረሉ ይግባእ ።" ብምባል ይገልፆ። ካብዚ ጥቕሲ ምርዳእ ዝከኣል ፈተና ብሃበ ተረኺበ ዝሰናዳእ ዘይኮነስ ፣ ልምዲ ዝሓትትን ክፍለጥ ዝግብኦ ዕላማን ባህርን ዝሓትት ከም ዝኾነ እዩ።ካብዚ ብተወሳኺ Brown (2003፣34)" ፈተናታት እንትሰናድኡ ዝስዕቡ ሕቶታት ጠቐምቲ እዮም፤ንሳቶም እውን ፦እቲ ቋንቋ ግልፂ ክኸውን ብዝግብኦ መንገዲ ቀሪቡዶ? ሕቶታት ፈተና ዓውዲ መሰረት ብምግባር ዝምለሱ ድዮም? ወይስ ፅንሰ ሓሳብ መሰረት ብምግባር? ሕቶታት ምስ ትሕዝቶን ዕላማን ይተኣሳሰሩዶ? ሰሓባይነት ሕቶታት እንታይ ይመስል**?** ብምባል ይጠቕሶም። እዚ ድማ ፈተና እንትሰናዳእ ግቡእ ኣጠቓቕማ ቋንቋን ኣቀረቀርባ ሕቶን ከምኡ እውን ሰሓባይነትን ምትእስሳር ትሕዝቶታትን ኣማሊኡ ክቐርብ ከም ዘለዎ ምኻኑ እዩ።

Heaton (1990 ፣172)" ፈተና ውፅኢታዊ ንክኸውን ብሃበተረኸበ ዝሰናዳእ ዘይኮነስ ፣ ሓሲብካን ኣስተንቲንካን ዝሰናዳእ ክኸውን እንተሎ እዩ ። ይብል።ካብዚ ጥቕሲ ምርዳእ ዝከኣል ኣብ ምድላው ፈተና ግቡእነትን መምርሕን ተኸቲልካ ክሰናዳእ ከም ዘለዎ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ Brown (2004 ፣28)" መብዛሕትኦም ፈተናታት ዋጋ ዘይብሎም ዝኾኑ ሓቃዊ ኣቀራርባ ፈተና ቋንቋ ስለ ዘየማልኡ እዩ ።ምናልባት ሓቀኛ ኩነታት ቋንቋ ዘይግለፅ ብኣወቓቕራ ሰዋስውን ቃላትን ፣ ብኣቀማምጣን ኣብ መንጎ ሕድሕዶም ብዘሎ ዝምድና

ንሓቃውነት ስለ ዘይገልፁን እዩ።" ይብል።

ብሓፈሻ ናይዞም ምሁራን ሓሳብ ምስ እዚ መፅናዕቲ ትኹረት ዝግበረሎም ሓሳባት ቀጥታዊ ምትእስሳር ዘለዎም እዩ ።ምኽንያቱ ኣብ ምስንዳእ ግቡእነት ፈተና ብልምዲ ዝተመስረተ ዘይኮነስ ናይ ባዕሉ መምርሒ ብምኽታል፣ ዕላማ ፣ትሕዝቶ፣ ኣወቓቕራ ሰዋስው፣ ቃላት፣ ኣዋድዳ ሓረጋትን ምሉእ ሓሳባትን፣ ዓቕሚ፣ ደረጃን ድሕረ ባይታ ተመሃሮን መሰረት ብምግባር ክሰናዳእ ከም ዘለዎ እዩ ።

## 2.2. ግቡእነት ፈተና

ዝሰናድኡ ፈተናታት ግቡእ እዩ ዝበሃል ንዝሓዞ ዕላማ ዘሳኽዕ እንተኾይኑ እዩ። ነዚ ኣመልኪቱ Brown (2003፣24)" ሓደ ፈተና እንትዳሎ እንታይ ንምልካዕ ከም ዝተሓሰበ፣ ብጭቡጥ እንታይ ከም ዝዓቀነን እቲ ፈተና ንዝደለናዮ መረዳእታ ንምርካብ ዘኽእል ምዃኑን ንዝብሉ ሕቶታት ዝምልስ እንተኾይኑ ግቡእ ፈተና እዩ። ይብል። ብተወሳኺ Hughs (2006 ፣ 27)" ሓደ ፈተና ዝተሓሰበሉ ተግባር ዘሳኽዕ ፣ ዝተዓለመሉ ዕላማ ምውቅዑ ዘንፀባርቕ እንተኾይኑ እቲ ፈተና ግቡእ እዩ ። ይብል።ካብዞም ምሁራን እንርድኦ ሓደ ፈተና ግቡእ እዩ እንብሎ ፣ዝሰናድኡ ፈተናታት ዕላማ፣ ትሕዝቶን ደረጃ ተመሃሮን መሰረት ብምግባር ነቲ ዝተተለመሉ ዕላማ ምዕዋቱን ዘይምዕዋቱን ክነረጋግፀሉ ዘኽእል ክኸውን እንተሎ እዩ።

## 2.3. ዓይነታት ግቡእነት ፈተና

## 2.3.1. ትሕዝቶ ተኮር ፈተና

ትሕዝቶ ተኮር ግቡእነት ፈተና ኣብ ትሕዝቶ መሰረት ዝገበረ ሜላታት ምስትምሃር መሰረት ገይሩ ዝዳሎ እዩ።ነዚ ኣመልኪቱ Hughs (2003)" ትሕዝቶ ተኮር ግቡእነት ፈተና ንምዕቃን ዘኽእል ስርዓት ትምህርትን ትምህርታዊ ዕላማታትን መሰረት ዝገበረ እንትኸውን እዩ።" ይብል።ብተወሳኺ BrownH.D(2003)" ትሕዝቶ ተኮር ፈተና ኣብ ክፍሊ ውሽጢ ዝቐረበ ትሕዝቶ ትምህርቲ ከከም ትኹረቱን ኣንፈቱን ምውካል እንትኽእልን ተመጣጣኒ ዋጋ እንትወሃቦን እዩ። ብምባል ይገልፆ። ካብዞም ሓሳባት ምርዳእ ዝከኣል እቲ ፈተና ኣብ ትሕዝቶ ትምህርቲ መሰረት ገይሩ ዝዳሎ ምዃኑ እዩ።

## 2.3.2. ረብሓ ትሕዝቶ ተኮር ፈተና

Hughs(2oo3)" ትሕዝቶ ተኮር ፈተና እዞም ዝስዕቡ ረብሓታት ኣለውዎ ይብል። ንሳቶም እውን፦ንተምሃሮ ብንፁር ዝዕቅንን ምስ ትምህርቲ ዕላማ ዘራኽብ ፤ንመርኣያ ዝኾኑ ፈተናታት ንምምራፅ ዘኽእል እዚ ብሕቶታት መወሰኒ ሰደቓ ዝትግበር፤ትሕዝቶ ተኾር መሰረት ገይርካ ሕቶ ንምምራፅ ፤ትምህርታዊ ዕላማ፣ ስርዓተ ትምህርቲ ፣ ትሕዝቶ ትምህርቲ ንምርኻብ ሕቶ መሪፅካ ንምድላው ፤ትሕዝቶ መሰረት ብምግባር ካልኦት ስራሕቲ ንምስላጥ ፤ወዘተ እዮም።ብምቕፃል Hughs (2003)" ትሕዝቶ ተኮር ግቡእነት ፈተና ካብ ሕድሕድ ትሕዝቶ ዝተመረፀ ሕቶ በዝሒ ንምውሳን እዞም ዝስዕቡ ነገራት የተኩር።ንሳቶም እውን ፦እቲ ትሕዝቶ ንምስትምሃር ዝወሰዶ ግዜ፣ እቲ

ፈተና ክሕዞ ዝተወሰነ በዝሒ ሕቶታትን ፈተናታትን ምድላው ዝተመረፁ ትሕዝቶታት ንምሸፋን ዝወሰዶ በዝሒ ክፍለ ግዜን እዮም።" ይብል።ካብዚ ምርዳእ ዝከኣል ትሕዝቶ ተኮር ፈተና፣ትሕዝቶ መሰረት ገይርካ ሕቶ ንምምራፅ ፣ ትምህርታዊ ዕላማ ንምርኻብን ወዘተ ዝረብሕ ምዃኑ እዩ።

## 2.3.3. ረቛሒ ተኮር ፈተና

Brown (2003)" ረቛሒ ተኮር ግቡእነት ፈተና ዝበሃል ሓደ ናይ ቋንቋ ፈተና እቲ ግቡእነት ናይቲ ቋንቋ ክእለት ዘለዎም ተምሃሮ ንምፍላይ ዘኽእል እዩ።" ይብል። ብተመሳሳሊ Hughs (2006፣27) ብኸምዚ ይገልፆ።" እቲ ፈተና ግቡእነት እንተሃልይዎ፣ ዓርሱ ዝኽኣለ መዐቀኒ እዩ።" ካብዞም ምሁራን ምርዳእ ዝከኣል ሓደ ፈተና ግቡእነት እንተሃልይዎ ረቛሒ ተኮር ከም ዝኾነ የመላኽት።ረቛሒ ተኮር ግቡእነት ፈተና ናይ ባዕሉ ረብሓን ሕፀረትን ከም ዘለዎ እዞም ምሁራን ገሊፆም እዮም።ካብቶም ረብሓታት ቁፅራዊ ብዝኾነ መንገዲ ንመርኣያ ይወስድ፤ እቲ ፈተና ምስቲ ዕላማ ዝዛመድ እንድሕር ኮይኑ ኣዕጋቢ መረዳእታ ኣለዎ፤ወዘተ ብምባል ይገልፆ።

## 2.3.4. ብሩህነት ፈተና

ብሩህነት ግቡእነት ፈተና ማለት እቲ ዝተዳለወ ወይ ዝተሰናድአ ፈተና ኣብ ኢድ ተፈተንቲ በፂሑ ተፈተንቲ ስሓባይ፣ ንፁር፣ ግልፂ፣ ዘየደናግር፣ ወዘተ ኮይኑ እንተረኺበሞ ብሩህ እዩ ክበሃል ይከኣል።ነዚ ኣመልኪቱ Brown (2003፤ 27) ብኸምዚ ይገልፆ።" እቲ ዝዳሎ ፈተና ኣብ ኣጠቓቕማ ቀለሙ፣ ኣብ ንፁርነቱ፣ ኣብ ኣቀማምጣ መምርሒኡ፣ ኣብ ኣዋድዳ (ፊደላት፣ ቃላት፣ ሓረጋት፣ ምሉእ ሓሳባት) ፣ ወዘተ ዘማልአ እንተኾይኑ ብሩህ እዩ ።" ይብል።ብተወሳኺ (Davies 1990) ንብሩህነት ፈተና ብኸምዚ ይገልፆ ።" እቲ ፈተና ስሓባይ ኮይኑ ተፈተንቲ ኣካላት ውሳነ ዝህብሉ፣ ኣብ ኣጠቓቕማ ቀለሙ ፅቡቕ እንተኾይኑ፣ኣብ ኣቀማምጣን ኣተሃናንፃን መምርሒኡ ፅፉፍን ስሓባይን እዩ።" ይብል።

ካብዞም ሙሁራን እንርድኦ እቲ ዝዳሎ ፈተና ንተፈተንቲ ተምሃሮ ግልፅን ንፁርን ኮይኑ ክርከብ እንተሎ እዩ።ብተወሳኺ እቲ ፈተና ኣብ ኣፀሓሕፋን ኣጠቓቕማን ቀለማት ንፁር ክኸውን ከም ዘለዎ የመላኽት።

## 2.3.5. ተኣማንነት ፈተና

ተኣማንነት ፈተና ምሃብ ተመሃሮ ዘለዎም ፍልጠትን ዓቕምን ብትኽክል ንምፍላይ ዘኽእል እዩ ።ብተኸታታሊ ንዝወሃብዎ ፈተና ውፅኢቶም ተመጣጣኒ ንክኸውን፣በዚ ድማ ተምሃሮ ካብ ተምሃሮ ብዘለዎም ብቕዓት ተፈልዮም ዓቕሞምን ውፅኢቶምን ዝተመጣጠነ ክኸውን ርግፀኛነት ዓቕን ተምሃሮ ንኽዕወት ዓሊሙ ዝቐርብ እዩ ።ነዚ ኣመልኪቱ Brown(2004፣20) "ንሓደ ዓይነት ተምሃሮ ወይ ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ተምሃሮ ሓደ ዓይነት ፈተና ኣብ ክልተ ዝተፈላለዩ እዋናት ተፈቲኖም ተመሳሳሊ ውፅኢት እንተምፅኡ፣ እቲ ፈተና ተኣማንነት ከም ዘለዎ ይገልፅ ።"ብተመሳሳሊ Brown.H.D (2003፣31)"ተኣማንነት ፈተና ኣብ መንጎ ተምሃራይን መምህርን ዘሎ

ርክብ ዘርኢ እዩ።ፈታንን መዳለውቲ ፈተናን ተኣማንነት ፈተና ንኽህሉ፣ ኩሎም ብፅሑፍ ዝፍተኑ ፈተና ቀሪብሎም ተመሳሳሊ ዝኾነ ውፅኢት ከመዝግቡ እንተኽኢሎም ከምኡ እውን እቲ ፈተና እንደገና ንኻልኦት ተመሳሳሊ ደረጃ ዘለዎም ተምሃሮ ተዋሂቡ ተመሊሱ ተመሳሳሊ ውፅኢት እንተኣምፂኡ እዩ።" ይብል።

ሰለዚ እዞም ምሁራን ዝሃብዎ ሓሳብ ምርዳእ ዝከኣል ሓደ ፈተና ተኣማንነት ኣለዎ ክንብል እንተድኣ ኮይንና ካብ መምርሒ እቲ ፈተና ጀሚሩ ክሳብ እቲ ዝተረኸበ ውፅኢት ተምሃራይ ዝድህሰስ ከም ዝኾነን፣ ተምሃሮ ኣብ ክልተ ዝተፈላለዩ እዋናት ተመሳሳልነት ዘለዎም ፈተናታት ተፈቲኖም ተመሳሳሊ ውፅኢት እንተመዝግቡን እቲ ፈተና ተኣማንነት ኣለዎ ክበሃል ይካኣል።

## 2.3.6. ተግባራዊነት ፈተና

ተግባራዊነት ፈተና ብተግባር ዝግለፅ፣ ብዝተወሃበካ እታወታት ውፅኢት ምምፃእን መምሕዳርን እዩ ።ነዚ ኣመልኪቱ Bachman (1996፣19) ከምዝስዕብ ይገልፆ ።" ተግባራዊነት ፈተና ንተምሃሮ ጥራሕ ዝወሃብ ዘይኮነስ፣ እቲ መምህር ንተምሃሮ ቅድሚ ፈተና ምሃቡ ብቑዕ ክኸውን ከም ዘለዎ ይገልፅ።" ብተመሳሳሊ Werie (1993፣21) ብኸምዚ ይገልፆ።" ተግባራዊነት ፈተና ብኣንፃር ግዜ፣ ጉልበት፣ ሓይሊ ሰብ፣ እታወታት ዓቕሚ ተተሓሒዙ ክርአ ዘለዎ ምዃኑ ይገልፅ።"

ካብዚ ምርዳእ ዝከኣል ተግባራዊነት ፈተና ካብ ኣደላልውኡ ጀሚሩ ክሳብ ውፅኢት ናብ ተምሃራይ ዝበፅሕ ዘሎ ከይዲ ክኽተል ይግባእ ።ዝተዳለወ ፈተና ንተፈተንቲ ዝምጥን ምዃኑ ኣቓዲምካ ምርግጋፅ የድሊ።ተግባራዊነት ፈተና ብኣንፃር ግዜ፣ ጉልበት፣ ሓይሊ ሰብን በጀትን ተፈቲሹ ክትግበር ይግባእ።

## 2.3.6.1 ፀለውቲ ምኽንያታት ተግባራዊነት ፈተና

Brown (2003፣31)" ሓደ ተግባራዊ ፈተና ተግባራዊ ንክይኸውን ከም ዕንቅፋት ዝኾኑ፤ ፈተና ንፁር ምሕደራ ዘይብሉ እንተኾይኑ፣ ዝለዓለ ወፃኢ ዝሓትት፣ ንተፈተንቲ ዝምጥን ግዜ ዘይወሃብ እንተኾይኑ፣ ዝወፅእ ፈተና ብኻሊእ ኣካል ዘይረጋገፅ፣ ግልፂ መምርሒ ዘይምህላው ፣ወዘተ እዮም ።ይብል።

ስለዚ ፈተና ነዞም ፀገማት እዚኦም ተቖፃፂሩ ዘይትግበር እንተኾይኑ፣ ኣብ ተምሃራይን መምህርን ናይ ብቕዓት ፀገም የምፅእ እዩ ፤ከምኡ እውን ተግባራዊነት ፈተና ግዜ፤ ቦታን ዘድሊ ሓይሊሰብን ኣብ ግምት ብምእታው ፈተና ክሰናዳእ ከም ዘለዎን ምርዳእ ተኻኢሉ እዩ።ብዛዕባ ባህርያት ፈተና ኣመልኪቶም ዝተፈላለዩ ሙሁራን ካብ ዝገለፅዎ ከም እንርድኦ መምህራን ፈተናታት እንተዳለው ንዕላማታት ትምህርቲ መሰረት ዝገበረ፣ ተምሃራይ ካብ ተምሃራይ ዝፈሊ፣ ተምሃሮ ንዝተምሃርዎ ትሕዝቶ ኣብ ግምት ዘአቱ፣ ሰፊሕ ትሕዝቶ ዘካትት፣ ንዓይነታት ፈተና ኣዛኒቑ ዝሓዘ፣ ክፍትኖ ዝግባእ ትሕዝቶ ክፍትን ዝኽእል፣ እኹል ግዜ፣ ጉልበት፣ ሓይሊሰብን ገንዘብን ተወሲንሉ ዝካየድ፣ ወዘተ ዘካተተ ክኸውን ይግባእ። ሰለዚ መምህራን ፈተናታት እንተዳልው ኩሎም ነጥብታት ኣብ ግምት ብምእታው ክኸውን ከም ዘለዎ ብምርዳእ እዚ መፅናዕቲ ሒዝዎ ንዝተልዓለ ኣርእስቲ ዘራጉድ ሓሳብ እዩ።

### 2.3.7. ሓቃውነት ፈተና

ሓቃውነት ፈተና እንትበሃል እቲ ዝዳሎ ፈተና ኣብ ባይታ ዘሎ ነገር ሒዙ እንትርከብ እዩ። Brown (2003፣28) ን Bachman (1996፣23) ጠቒሱ ብኸምዚ ይገልፆ። ሓቃውነት ፈተና እንትበሃል እቲ ዝተዳለወ ፈተና ካብ መምርሒኡ፣ ኣብ ኣዋድዳ (ቃላት፣ሓረጋት፣ ምሉእ ሓሳባት) ወዘተ ክፍትኖ ዝደለየ ክፍትን እንተሎ እዩ።

ስለዚ ሓደ ፈተና ሓቃዊ እዩ ክንብሎ እንተኾይንና እቲ ፈተና ኣብ ባይታ ዘሎ ነገር ክፍትን ኣለዎ። እዚ ማለት ብዛዕባ ቃላት ዝሓትት እንተኾይኑ፣ ነቲ ቃል ክገልፅ ዝኽል ናውቲ እንተኣማሊኡ እዩ። ሓደ ፈተና ሓቂ ንክኸውን፣ ነዞም ዝስዕቡ ከማልእ ይግባእ። ንሳቶም እውን፦ እቲ ፈተና እንተተኻኢሉ ኣብ ሓቂ ዘድሃበ ክኸውን ይግባእ፤ እቶም ሕቶታት ዓውዲ መሰረት ዝገበሩ ክኾኑ ይግባእ፤ እቶም ሕቶታት ንተምሃሮ ትርጉም ዘለዎምን ስሓብትን ኽኾኑ ይግባእ። እቶም ፈተናታት ምስቲ ኣብ ባይታ ዝርአ ነገር ዝተተሓሐዙ ክኾኑ ይግባእ።

### 2.4. ትምህርቲ ቋንቋን ፈተና ቋንቋን ዘለዎም ዝምድና

ፈተና ካብ ምምሃር ምስትመሃር ወይ ምምሃር ምስትምሃር ካብ ፈተና ነፂልካ ምርኣይ ኣይካኣልን። Harrison (1983፣1) ትምህርቲ ቋንቋን ፈተና ቋንቋን ዝምድንኦም እንትገልፁ ፈተና ንምምሕያሽ ትምህርቲ መሰረት ከም ዝኾነ፤ ንመምህርን ንተምሃሮን ጠቓሚ መረዳእታ ብምሃብ ኣብ ክፍሊ ቀፃላይ ዝኾነ ናይ ስራሕ መመሓየሺ ዝኸውን ተግባር ንኽልው ዝገብር እዩ ብማለት ይገልፆ። Heaton (1975፣5-6) ብዛዕባ ትምህርቲ ቋንቋን ፈተና ቋንቋን ዘለዎም ዝምድና እንትገልፅ ቅድም ኢሉ ትምህርቲ ቋንቋን ፈተና ቋንቋን ፈላሊኻ ናይ ምርኣይ ኩነታት ከም ዝነበረ ብምዝንታው ሕጂ ግን ትምህርቲ ቋንቋን ፈተና ቋንቋን ጥቡቕ ዝኾነ ርክብ ካብ ምህላዎም ዝተተሓሐዙ እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ነፂልካ ምርኣይ ከም ዘይካኣልን እዩ። ምኽንያቱ ትምህርቲ ቋንቋን ፈተና ቋንቋን ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዘይነፃፀሉን ፈተና ብዘይ ትምህርቲ፤ ትምህርቲ ድማ በዘይ ፈተና ዘይትግበር ምኻኑ የረድእ።

### 2.5. ዓይነት ፈተና ቋንቋ ብመንፅር ረብሓኦም

Henning (1987፣4) ዓይነት ፈተና ቋንቋ ብመንፅር ረብሓኦም ኣብ ኣርባዓተ ይኽፍሎም። ንሳቶም እውን: - ቅድመ ክእለት መዐቀኒ ፈተና (Aptitude test) ፣ ዓቕሚ ፈታሺ ፈተና (Proficiency test) ፣ ጥንካረን ድኽመትን መዐቀኒ ፈተና (Diagnstic test) ን መዐቀኒ ክእለት ፈተና (Achievement test) እዮም። ካብዞም ዓይነታት ፈተና ናይዚ መፅናዕቲ ተተኳሪ ዓይነት ፈተና መዐቀኒ ክእለት ፈተና እዩ። ምኽንያቱ ተምሃሮ ዝተምሃርዎ ዕላማ ትምህርቲ ኣብ መወዳእታ ትምህርቲ ዝወሃብ ዓይነት ፈተና ስለ ዝኾነ እዩ።

### 2.5.1 መዐቀኒ ክእለት ፈተና

እዚ ዓይነት ፈተና ብመሰረት ዝተተለመ ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋ ተምሃሮ ቀዲሞም ዝተማሃርዎ መበገሲ ብምግባር ዝዳሎ ፈተና እዩ። ከም አገላልፃ Alderson (1995፣72) ተምሃሮ ብመሰረት መርሃ ትምህርትን መምሀሪ መፅሓፍትን ቀዲሞም ዝተማሃርዎ ዕላማ ትምህርቲ መበገሲ ገይሩ ዝዳለው ዓይነት ፈተና ምዃኑ ገሊፁ። Alderson ወሲኹ እንትገልፅ ተምሃሮ መርሃ ትምህርትን መምሀሪ መፅሓፍትን መሰረት ገይሮም ዝተማሃርዎ ዕላማ ትምህርቲ ክንደየናይ ሸትኡ ከም ዝወቕዐ ንምርዳእ ዘኽእል ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ዓይነት ፈተና ምዃኑ ወሲኹም ገሊፃም። ብተወሳኺ Heaton (1988፣172) መዐቀኒ ክእለት ፈተና ዝባሃል ነቲ ብርኪ ዝተነደፈ መርሃ ትምህርትን መምሀሪ መፅሓፍትን ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ ዝተማሃርዎ ዕላማ ትምህርቲ መሰረት ገይርካ ናብ ላዕለዋይ ትካል ትምህርቲ መእተዊ፣ ንኻልኣይ ብርኪ ዝዳለው መጠቓለሊ ፈተናታት ከም ዘጠቓልል ኣብሪሁ። ከም ኣገላልፃ Heaton ድሕሪ ምምሃር ምስትምሃር ዕላማ ትምህርቲ ኣብ በብብርኩ ዝርከቡ መምህራን ዘዳልውዎም ናይ ክፍሊ ፈተናታት፣ ናይ ሻሙናይ፣ ዓስራይን ዓሰርተ ክልተን ክፍሊ ሃገራውን ብሄራውን ፈተናታት ተምሃሮ ዕላማ ትምህርቲ ተማሂሮም ምስ ወድኡ ዝዋሃብ ውፅኢታት ኣብ ውሽጢ መዐቀኒ ክእለት ፈተና ዝጠቓለሉ ምዃኖም ወሲኹ ይገልፅ።

ኣብ ውሽጢ መዐቀኒ ክእለት ፈተና ዝካተት ሕቶታት ዕላማ ትምህርቲ መሰረት ብምግባር ተምሃሮ ዝተማሃርዎ ትሕዝቶ ትምህርቲ ክዕቀኑ ዝኽእል ሕቶታት ብጥንቃቐ ተመሪፆም ክዳለው ከም ዝግበኦም ይገልፅ Brown (2004፣48) ።

እዚ መፅናዕቲ እዚ እውን ትኹረት ዝገብር ኣብ 2017ዓ.ም ተዳልዮም ዝቐረቡ ትሕዝቶ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ እዩ። ስለዚ ተምሃሮ ታሽዓይ ክፍሊ ድሕሪ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኣብ መወዳእታ ዝተማሃርዎ ትምህርቲ ክንደየናይ ከም ዝጨበጡ ክንፍትሽሉ ንኽእል ፈተና ስለ ዝኾነ ኣብ መዐቀኒ ክእለት ፈተና ይምደብ።

### 2.5.2 ኣመራርፃ ትሕዝቶ መዐቀኒ ክእለት ፈተና

ብዛዕባ ኣመራርፃ ትሕዝቶ መዐቀኒ ክእለት ፈተና ኣመልኪቶም Heaton (1975፣175) እንትገልፅ ፈተና ኣብ መርሃ ትምህርትን መፅሓፍ ተምሃራይን ዝተመስረተ ትሕዝቶ ክህልዎ አለዎ። ብተመሳሳሊ Hughes (1989፣25) ድማ ትሕዝቶ መዐቀኒ ክእለት ፈተና ኣብ ውሽጢ መርሃ ትምህርትን መፅሓፍ ተምሃራይን ብዘለው ዕላማታት ዝተመስረተ ክኸውን አለዎ ይብል። ስለዚ መዐቀኒ ክእለት ፈተና እንትዳሎ ብመሰረት መርሃ ትምህርትን መፅሓፍ ተምሃራይን ክዳሎ አለዎ። ከምኡ እውን ዕላማ ፈተና ምስ መርሃ ትምህርትን መፅሓፍ ተምሃራይን ዝተኣሳሰሩ ክኸውን ይግባእ። ምኽንያቱ ዕላማ ፈተና ንምስኻዕ ትሕዝቶ ቋንቋ ክንጥቀም ግድን እዩ።

ብሓፈሻ ካብ 2017ዓ.ም ተዳልዮም ዝቐረቡ ፈተናታት ክእለት ንባብ ቋንቋ ትግርኛ ንታሸዓይ ክፍሊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዳዩ እቶም ዝቐረቡ ሕቶታት ወከልቲ መርሃ ትምህርቲ፣ መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ ንመምህርን ክኾኑ ኣለዎም። እቶም ዝቐረቡ ሕቶታት ወከልቲ እዮም ክንብል እንኽእል ድማ ነቲ ደረጃ ኽፍሊ ብዝምጥን መልክዑ ዝተዳለወ መፅሓፍ ተምሃራይ፣ መርሃ ትምህርትን መምርሒ ንመምህርን ምስቲ ዝዳሎ ፈተና ብቑፅሪ ይኹን ብዓይነት ዝተመጣጣነ ውክልና ሒዙ ዝቐረበ ክኸውን እንተሎ እዩ።

## 2.6. ዓይነት ፈተና ቋንቋ ብመንፅር ኣቀራርባ

ዓይነት ፈተና ብኣቀራርቦኦም ኣብ ክልተ ይምቀሉ። ንሳቶም እውን:- ድሩታትን ዘይድሩትን ይባሃሉ። ኣብ ድሩታት ዓይነት ፈተና ዝምደቡ ምረፅ፣ ሓቂ/ሓሶት፣ ኣዛምድ፣ ክፍቲ ቦታ ምላእን ሓፂር መልሲ ሃብን ዝብሉ እንትኾኑ ኣብ ዘይድሩት ዓይነት ፈተና ዝምደብ ድማ ድርሰታዊ ፅሑፍ እዩ Bachman (1990፣79) ስለዚ እዚ መፅናዕቲ ድማ ካብ 2017ዓ.ም ኣብ ዝዳለው ናይ ታሽዓይ ክፍሊ ፈተና ክእለት ንባብ ቋንቋ ትግርኛ ብምኻኑ ኣቀራርብኡ ብመልክዕ ምረፅ እውን ስለ ዝቐርብ ድሩት ወይ ክፉት ዓይነት ፈተና ናይ ምጥቃም ዕድል ክህልዎ ይኽእል እዩ።

### 2.6.1 ምረፅ ዓይነት ሕቶ

ምረፅ ዓይነት ፈተና ብኣቀራርብኡ ካብ ዝተዋሃቡ መማረፅታት ትክክለኛ መልሲ ብምምራፅ ዝምለስ ዓይነት ፈተና እዩ። Brown (1980፣25) ን Hugues (1989፣ስ60) ፈተና ምረፅ እንትዳሎ ካብቶም መማረፅታት ሓደ ጥራሕ ትክክለኛ መልሲ ክህልዎ ምግባርን እቶም ካልኦት መማረፅታት ድማ ናይ ምምራፅ ዕድል ክረኽቡ ብዝኽእሉ መንገዲ ክዳሎ ኣለዎ ይብሉ። ኣብዚ ዓይነት ፈተና ሕቶታት እንትዳለው ተምሃሮ እንታይ ከም ዝሓቱ ንምፍላጥ ምእንታን ክሕግዞም ጉንዲ እቲ ሕቶ ዝተማለአ መረዳእታ ክሕዝ ይግባእ። ብተወሳኺ ሓበርቲ ዝኾኑ ቃላት ኣብቲ ዋና ሕቶ ይኹን ኣብቶም መማረፅታት ዘይምጥቃምን ኩሎም መልሲ እዮም ወይ ድማ መልሲ የለን ዝብሉ መማረፅታት ምውጋድ ይብሉ።

ኣብ ምረፅ ዓይነት ሕቶ ዝቐረቡ መምርሕታት ቋንቋ ዘየደናግሩን ግልፅን ብዝኾነ መንገዲ ክቐርቡ ኣለዎም። ከምኡ እውን ሕቶታት እንትቐርቡ ብኣወንታ ክፃሓፍ ከም ዘለዎምን ዓይነታት ፈተና ክልተ ኣካላት ከም ዘለዎምን እዞም ፃሓፍቲ ወሲኾም ይገልፁ። እቲ ናይ መጀመሪታ መራሒ ኣካል እንትኸውን እቲ ኻልኣይ ድማ መልሲ ዝርከበሉ መማረፂ እዮም። መራሒ ኣካል ዝባሃል እቲ ዋና ሕቶ እዩ። ካብ ዝቐረቡ መልስታት እቲ ሓደ ትክክለኛ መልሲ ዝሓዘ እንትኸውን እቶም ካልኦት ድማ መጋገይቲ ይባሃሉ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ሓሳብ ምረፅ ዓይነት ሕቶ ካብ መራሒ ኣካል ነቲ መራሒ ኣካል መልሲ ክኸውን ዝኽእል ካልኦት መጋገይቲ መማረፅታት ዝሓዘ ኾይኑ እቶም ዝቐረቡ መማረፅታት ዝተቐራረቡ ወይ ተመሳሳልነት ዘለዎም ኽኾኑን እቲ ሕቶ ድማ ግልፅን ዘየደናግርን ኾይኑ ኽቐርብ ከም ዝግባእ ይሕብሩ። እዚ እውን ሕቶታት ምረፅ ንምእራም ቅልጡፍን ዘየዳሉን ብምኻኑ፤ ብዙሓት ተፈተንቲን ሕቶታትን ብሓደ እዋን ከተኣናግድ ምኽኣሉ ጥንኩር

ጎንታት ዘለዎ ብምኻኑ ተመራፂ እዩ።

## 2.7. እንታይነት መርሃ ትምህርቲ

መርሃ ትምህርቲ እንታይ እዩ? ንዝብል ሕቶ ብዙሓት ምሁራት ካብ ዘለዎም ልምድን ፍልጠትን መሰረት ገይሮም ዝተፈላለየ ትርጉም ይህብዎ። Dubinን Olshtain (1986፣ 53) መርሃ ትምህርቲ በቲ ዝተቀመጠ ስርዓተ ትምህርቲ ዝርዝር ከይዲ ምምሃር ምስትመሃር ተግባራት ዝሓዘ፣ ዝርዝርን ዝተወሰኑ ዕላማታት ንምፍፃም ዘኽእል መራሒ ትልሚ እዩ ብምባል ይገልፅዎ። Cunnings Worth (1984፣ 22) መርሃ ትምህርቲ ኣብ ዝተወሰኑ ትካላት ትምህርቲ ዝርከብን ዝተወሰኑ ተምሃሮ ዝመሃርዎ ቀንዲ ጥቁልል ትሕዝቶ ትምህርቲ ዝሓዘ መዝገብ ምኻኑ ይገልፅ። ስለ ዝኾነ እውን መርሃ ትምህርት ትሕዝቶ ትምህርቲ፣ ዕላማ፣ ተግባራት፣ መምሃሪ ሓገዝን ሜላ ኣመሃህራን ዘካተተ እዩ።

Yalden (1987፣ 15) መርሃ ትምህርቲ ሕድሕድ ትሕዝቶ ትምህርቲ ከም ዘካትት ይገልፅ። እዚ እውን ተምሃሮ ኣብ ዝመሃርሉ ግዘን ዕዮታት ኣብ ዝሰርሕሉ እዋንን ምስ ዝረኽብዎም ተሞክሮታት ዝተተሓሓዙ ምኻኖም ይገልፅ። ብኻሊእ ወገን Stern (1992፣ 36) መርሃ ትምህርቲ ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ዝተሓንፀፁ ዕላማ ትሕዝቶ ትምህርቲ ብመንን ብኸመይ መንገድን ተግባራዊ ከም ዝኾን ዝርዝር ኣፈፃፀም ትልሚ ዘማላኽት ምዃኑ ይገልፅ።

Harmer (1991፣65) መርሃ ትምህርቲ ተምሃሮ ካብ ዝተመረፀ ትሕዝቶ ቋንቋ ትምህርቲ እንታይ ክፈልጡ ከም ዝኽእሉ ዘመላኽት እዩ። እዚ እውን ቅድሚ ምጅማር ምምሃር ምስትምሃር አየናይ ናይ ቋንቋ ክእለት ትኹረት ይወሃቦ፣ ንኡስ ክእለት ቋንቋ ስ ብኸመይን መዓዝን ክጭብጡ ይኽእሉ? ዝብሉ ሕቶታት ዝውሰን ብመርሃ ትምህርቲ ኣቢሉ እዩ። ብተወሳኺ Ur (2006፣34) መርሃ ትምህርቲ በቢ ደረጃ ክፍሊ ተመጢኖም ዝቐርቡ ሓፈሻውን ዝርዝርን ዕላማታት ትሕዝቶ ትምህርቲ፣ ተግባራት፣ ክፍለ ግዜ ከምኡ እውን መገምገሚ ነጥብታት ብዝርዝር ዘቕርብ ናይ ትምህርቲ ሰነድ ብምባል ይገልፆ። ብሓፈሻ መርሃ ትምህረቲ ንምምሃር ምስትምሃር ከይዲ ዝመርሕ ሰነድ እዩ ምባል ይካኣል።
ካብዞም ልዕል ኢሎም ዝቐረቡ ሓሳባት መርሃ ትምህርቲ ትሕዝቶ ሓደ ዓይነት ትምህረቲ ከይዲ ኣቀራርብን አገማግምኡን ዘቕርብ ኣካል ስርዓተ ትምህርቲ ኮይኑ ተግባር ዕለታዊ ትምህርቲ ኣመልኪቱ ንመምህር እንታይን ብኸመይን ከምህር ከምዘለዎ ዝመርሕ ምኻኑ እዩ።

### 2.7.1 ረብሓ መርሃ ትምህርቲ

Yalden (1987፣40) ረብሓ መርሃ ትምህርቲ አመልኪቱ እንትገልፅ መፅሓፍ ተምሃራይ፣ መምርሒ መምህርን መምሃሪ ሓገዝን ኣቐዲምካ ንምድላው ይጠቅም ብማለት ይገልፆ። እዚ ማለት መምህር ትሕዝቶ ትምህርቲ ንተምሃርኡ ብዝቐለለ መንገዲ ንኸቕርበሎም ይሕግዞ። ስለዚ ኣብ መምህርን ተምሃሮን ዝህሉ ከይዲ ምምሃር

ምስትምሃር ምርድዳእ ንክህሉ ሓጋዚ እዩ። እዚ እውን መምህር ንተምሃርኡ ብኸመይ ሜላ ኣቐራርባ ክምራሕ ከም ዝኽእል፣ ትሕዝቶ ትምህርቲ መዓዝ ክውዳእ ከም ዘለዎ መራሒ ብምኻን የገልግል።

## 2.8. እንታይነት መምርሒ ንመምህር

መምርሒ ንመምህር ካብ መርሃ ትምህርቲ ቀፂሉ ዝዳሎ መፅሓፍ እዩ። Richard (1986፣72) ትሕዝቶታት መፅሓፍ ተማሃራይ በቲ ዝተቐመጠ ናይ መርሃ ትምህርቲ ዕላማ ዕውት ዝኾነ ምምሃር ምስትምሃር ንክህሉ ዝገብሩ ስልትታት ዝርከብ ኣብ መመርሒ ንመምህር እዩ። ስለ ዝኾነ እውን ኣብ መመርሒ ንመምህር ኣብ ሓደ ደረጃ ክፍሊ ዝተኻተቱ ምዕራፋት ብቐደማይን ካልኣይን መንፈቕ ዓመት ሸንሺኑ ዝሓዘ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ትሕዝቶ ትምህርቲ፣ ሜላታት ኣቀራርባ ትምህርቲ፣ ዝዳለው መምሃሪ ሓገዛትን ተኸታታሊ ምዘናታት ዝሓዘ እዩ። ብምኻኑ እውን ንመምህር ኣብ መርሃ ትምህርቲ ክዕወቱ ዝተተለሙ ዕላማታት ቋንቋ ብሰፊሕን ብግልፅን ዘቕርብ እዩ።

Creswell (1996፣25) መምርሒ ንመምህር ንምምሃር ምስትምሃር ዘለዎ ረብሓ ብዝምልከት እንትገልፅ ኣብ ክፍሊ ንዝቐርብ ትሕዝቶታት ትምህርቲ ሓደሽትን ምስ ሕድሕድ ትሕዝቶ ትምህርቲ ዝጠዓዓምን ምቹውን ዝኾነ መምሃሪ ኣከባቢ ንክህሉ ይገብር። እዚ'ውን ተምሃሮ ክእለት ቋንቋ ንከዕብዩ ዕድል ይፈጥረሎም። ካብዚ ብተወሳኺ መምርሒ ንመምህር በተለይ ትሑት ፍልጠት ትሕዝቶን ዝተሓተ ናይ ምምሃር ስልትን ንዘለዎም መምህራን ሕድሕድ ርእሲ ትሕዝቶ ትምህርቲ እንታይን ብኸመይ ሜላ ኣመሃህራ ክነምህሮ ከም ዘለና ዝገልፅ ብምዃኑ ክፍተት ምምሃር ምስትምሃር ብምምላእ ሓጋዚ እዩ።

ካብዞም ልዕል ኢሎም ዝተገለፁ ሓሳባት መምርሒ ንመምህር ናውቲ ትምህርት ካብ ዝባሃሉ ሓደ ኮይኑ ኣብ ውሽጡ ኣገባብ ኣመሃህራ፣ ትሕዝቶታት ትምህርቲ፣ ዕላማ ትምህርቲ፣ በዝሒ ክፍለ ግዘ፣ መልሲ ሕቶታትን መዋኽስቲ ናውትን ዝሕዝ ምኻኑ እዩ።

## 2.9. እንታይነት መፅሓፍ ተምሃራይ

ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዕውት ንክኸውን መሰረት ካብ ዝኾኑ ነገራት መፅሓፍ ተምሃራይ ምኻኑ ግልፂ እዩ። ተስፋይ (1981፣ 7) መምህሪ መፅሓፍ መርሃ ትምህርት መሰረት ገይሩ ዝዳሎ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ደረጃ ክፍሊ ዝርከቡ ተምሃሮ ፍልጠቶም፣ ክእለቶምን ኣተሓሳስቦኦምን መጢኖም ብኣርባዒቲኦም ዓበይቲ ክእለታት ቋንቋን ብክልቲኦም ንኡሳን ክእለታት ቋንቋን ንመምህሪ ኮነ ተባሂሎም ዝዳሎ ሰነድ እዩ ብምባል ይገልፆ። ብተመሳሳሊ Ur (2006፣ 48) መምህሪ መፅሓፍ ዝባሃል ኣብ ሓደ ናይ ትምህርቲ ዓይነት ዝርከቡ ሓፈሻዊ ትሕዝቶታት ትምህርቲ ኣካቲቱ ዝሓዘ ሰነድ እዩ። እዚ ሰነድ መምህራንን ተምሃሮን ክኽተልዎ ዝግባእ ኣንፈት ብምሕባር ንምምሃር ምስትምሃር ከይዲ መሰረት ኮይኑ ዘገልግል እዩ።

ካብዞም ፀሓፍቲ ምርዳእ ዝካኣል መምህሪ መፅሓፍ ተምሃሮ ካብ ሓደ ደረጃ ክፍሊ ናብ ዝቕፅል ደረጃ ክፍሊ ኣብ ዝሰጋገርሉ እዋን ዝህልው ትሕዝቶታት ትምህርቲ ብኀናውን ተዋርዳውን ምትሕሓዝ ዘለዎም ኮይኖም

ንመምህራንን ተምሃሮን ብማዓረ ዘገልግልን ካብ መርሃ ትምህርቲ ዝቕረፅን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዕውት ንክኸውን መራሒ ኮይኑ ዘገልግል ሰነድ ምኻኑ እዩ።

### 2.9.1 ረብሓ መምሀሪ መፅሓፍ

Cunnings Worth (1995፣ 22) መምሃሪ መፅሓፍ ቀንድን ብዙሕ ግልጋሎት ዘለዎ ብዋናነት ናይ ትምህርቲ መምሀሪ መሳርሒ ምኻኑ ይገልፆ። እዚ እውን ርክብ መምህርን ተምሃሮን ኣብ ምምሃር ምስትምሃር ጥንኩር ንክኸውን ዓብይ ሓገዝ ዝገብር እዩ። ብተመሳሳሊ ተስፋዩ (1981፣ 18) መምሀሪ መፅሐፍ ምስ መርሃ ትምህርቲ ብምግንዛብ መምህር ትሕዝቶ ትምህርቲ ብቅደም ሰዓብ ንከቕርቡን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ካብ መጀመርታ ክሳብ መጨረሽታ ግልፂ ኮይኑ ክቐርብን ተምሃሮ ትምህርቶም ቕቡል ንክገብሩን ይሕግዝ። ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ሓሳባት ምርዳእ ዝከኣል መምሀሪ መፅሐፍ መምህራን ኣብ ክፍሊ ንዘምህርዎ ትሕዝቶ ትምህርቲ ኣንፈት ዝሕብር ኣብ ዝተፈላለዩ ኽባቢታት ዝርከቡ ተምሃሮ ተመሳሳሊ ዝኾነ ፍልጠት ንክቐርበሎም ዓብይ ተራ ዘለዎ እዩ።

## 2.10. ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ፈተና ቋንቋን

ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋን ፈተና ቋንቋን ኣብ ውሽጢ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ስጡም ዝምድና ከም ዘለዎም Harrison (1983፣7) እንትገልፅ ፈተና ንምምሕያሽ ትሕዝቶ ትምህርቲ መሰረት ኮይኑ ዘገልግል፤ ንመምህር ይኹን ንተምሃራይን ጠቓሚ መረዳእታ ዝህብን ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ዝትግበር ንጥፈት ምኳኑ ገሊፁ። ከምኡ እውን Baker (1989፣16) ከም ዝገለፆ ፈተና ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ቋንቋ ክተርፍ ዘይኽእል ቁልፊ ጉዳይ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ዋና ምኽንያት መምህራን፣ ተምሃሮን ምምሕዳር ቤት ትምህርትን ኩሎም በብእዋኑ ዝረኽብዎም መረዳእታታት ንምርግጋፅ ስለ ዝሕግዞም እዩ።

ካብዞም ፃሓፍቲ እንርድኦ ፈተና ቋንቋ ኣብ ውሽጢ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኩነታት ኣካይዳ ትሕዝቶ ትምህርቲ ከመይ ከም ዝኾነ ሓበሬታ ዝህብን ፈተና ብዘይ ትምህርቲ ትምህርቲ ድማ ብዘይ ፈተና ዘይትግበር ምኳኑ የረድኡ። ኩሎም ሰብ ሞያ እዚ ዓውዲ ርክብ ፈተናን ትሕዝቶ ትምህርትን ዋላእኳ ስጡም ዝምድና ከም ዘለዎም ዝተስማዕምዑ እንትኾኑ ኣየናይ ቀዲሙ ክቐርብ ኣለዎ? ንዝብል ሕቶ ዝህብዎ መልስታት ግና ዝተፈላለዩ እዮም።

Davis (1988፣5) ሓደ ፅቡቕ ፈተና ዝበሃል ምስትምሃር ስዒቡ ዝመፅእን ትሕዝቶ ትምህርቲ ጥራሕ ዝሓትት ከም ዝኾነ ብምግላፅ ፈተና ድሕሪ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ቐፂሉ ዝመፅእ ንጥፈት ምኳኑ የረድእ። ብኻልእ ገፅ ድማ ፅቡቕ ፈተና ንኸይዲ ምምሃር ምስትምሃር ሲዒቡ ዝመፅእ ከምዘይኮነ Hughes (1989፣ስ2) እንትገልፅ ፈተና ኩሉ ግዘ ድሕሪ ምምሃር ዝመፅእ ተግባር ገይርካ ምሕሳብ ጌጋ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ጥቕሚ ፈተና ኩሉ ግዘ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ውፅኢታዊ ንክኸውን ዓብይ ሓገዝ ከም ዝገብር ምርዳእ ይግባእ ይብል።

ካብዞም ክልተ ዝቐረቡ ዝተፈላለዩ ሓሳባት እንርደኦ ፈተና ቋንቋ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ውፅኢታዊ ንክኸውን ኣብ ከይዲ ዝትግበርን ድሕሪ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ነቲ ብፈተና ክእከብ ዝተደለየ መረዳእታን ክዋሃብ ዝድለይ ውሰነን ንምሃብ ድሕሪ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝትግበር ንጥፈት ምዃኑ ይገልፁ።

## 2.11. ዝምድና መርሃ ትምህርትን ፈተና ቋንቋን

Alderson (1995፣193) መርሃ ትምህርቲ ሓፈሻዊ ዝኾነ ዕላማን ትሕዝቶ ቋንቋን ዝሓዘ እንትኸውን እዚ ዕላማን ትሕዝቶን ድማ ብዝርዝር ዝቐርበሉ ኣብ መምሀሪ መፅሓፍ ተምሃራይ እዩ። ዕላማታት ኣብ ሽትኦም ምብፀሖም ዝልካዕ ድማ ካብቲ መምሀሪ መፅሓፍ ፈተና ብምድላውን ብምፍታንን እዩ።

ብተወሳኺ Dubinን Olshtain (198፣35) መርሃ ትምህርቲ ኣካል ስርዓተ ትምህርቲ ኮይኑ ናይ ሓደ መደብ ትምህርቲ ቋንቋ ከመይ ምምሃር ከም ዝከኣል ኣተገባብርኡ፣ ዕላማታት ትምህርቲ፣ ትሕዝቶታትን ኣገባብ ኣገማግማን ዝሓዘ ሰነድ እዩ። እቲ ብጥቕሉል ዝቐረበ ሓፈሻዊ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ተግባራዊ ፍፃመታት ብዝርዝር ዝገልፅ ድማ ብመመሀሪ መፅሓፍ ኣቢሉ እዩ።

ካብዞም ፀሓፍቲ ሓሳብ ምርዳእ ዝካኣል መርሃ ትምህርቲ ስርዓተ ትምህርቲ መሰረት ዝገብር እንትኾውን መምሀሪ መፅሓፍ ተምሃራይ ድማ እቶም ኣብ መርሃ ትምህርቲ ዝተገለፁ ዕላማታት ትምህርትን ትሕዝቶታትን መሰረት ገይሩ ተምሃሮ ክማሃርዎ ዝግባእ ትሕዝቶ ቋንቋን መልመድታትን ዝቐርበሉ ከም ዝኾነ እዩ። ተምሃሮ ዝተማሃርዎም ትሕዝቶታት ትምህርቲ ቋንቋ ክንደየናይ ዝኣክል ክእለትን ፍልጠትን ከም ዝሓዙ ዝልካዕ ብፈተና ስለ ዝኾነ ኩሎም ተነፃፂሎም ከም ዘይኸዱን የረድእ።

## 2.12 ዝምድና መፅሓፍ ተምሃራይን ፈተና ቋንቋን

ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋ ንምስኻዕ ዘኽእሉ ትሕዝቶ ትምህርቲ ተምሃሮ ንክመሃርዎ ይቐርብ። ብምቕፃል ዝተመሃርዎ ትምህርቲ ክንደየናይ ከም ዝጨበጡ ድማ ብፈተና ይረጋገፅ። Heaton (1988፣ 5) ዝምድና መምሀሪ መፅሓፍን ፈተና ቋንቋን ዝጠበቐ ምትእስሳር አለዎም ይብል። እዚ ማለት መፅሓፍ ተምሃራይ ኣብ ዕለታዊ ትምህርቲ ብተግባር ዝግለፅ ዕላማ ትምህርቲ ንምዕዋት ዝትግበር ስለ ዝኾነ ዓብይ ተራ ኣለዎ። ብመፅሓፍ ተምሃራይ እናተመርሐ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ዝትግበር ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንምዕዋት ካብ ስርዓተ ትምህርቲ ዝፈልፈለ ኣብ መርሃ ትምህርቲ ዘለዉ ዕላማታት ዉፅኢታዊ ንክኸውን ይሕግዝ።

## 2.13 ዳህሳስ ቅዱማት ተዛመድቲ መፅናዕታት

መፅንዒት ኣካል ምስዚ ፅንዓት ተዛመድነት ዘለዎም ቅዱማት ስራሕቲ ንምድህሳስ ኣብ ዝገበረቶ ፃዕሪ ክልተ ናይ ካልኣይ ድግሪ መማልኢ ፅንዓታዊ ፅሑፋት ተረኺቦም እዮም። በዚ መሰረት እቲ ቐደማይ ፅንዓት ናይ ፈረወይኒ በርሀ (2012) ገምጋም ዝምድና ዕላማ ብርኪ ትምህርቲን ትሕዝቶ ሃገራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ዓስራይ ክፍሊ ካብ 2010-2011ዓ.ም ኣብ ዝተዳለው ኣብ ዝብል ዝተኻየደ መፅናዕቲ ዝተረኽበ ውፅኢት እቶም ንክልተ ተኸታተልቲ ዓማውቲ ዝተኻተቱ ሕቶታት ሀገራዊ ፈተና ብመጠንን ብዓይነትን ዘለዎም ሽፋን እቶም ኣብዝሓ

ተመጣጣኒ ውክልና ዝረኸቡ እንትኾን ምድማፅ፣ ዘርርብን ፅሕፈትን ግን ምንም ዓይነት ሽፋን ዘይረኸቡ እንትኾኑ 2010-2011ዓ/ም ተዳልዮም ዝቐረቡ ሕቶታት ሃገራዊ ፈተና ምስ ዕላማ ትምህርቲ ተመጣጠንቲ ዘይምኳነም ብምሕባር መፅናዕታዊ ፅሑፋ ኣጠቓሊላ። ምስዚ መፅናዕቲ ዘመሳስሎ ብዛዕባ ገምጋም ዝምድና ዕላማ ብርኪ ትምህርቲን ትሕዝቶ መሰረት ዝገብር ምኳኑ እንትኾን ዝፈላልዮም ድማ ዝተፀንዑሉ ግዜ፣ ቦታ፣ ደረጃ ክፍሊን ዕላማ መፅናዕቲን ብትሕዝቶን ዝተፈላላዩ ምኳኖም እዩ። እቲ ካልኣይ ብሃይላይ (2000) ዳህሳስ ኣደላልዋ ፈተናታት ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ከተማ ዓብዪ ዓዲ ኣብ መሰናድኦ ኣብያተ ትምህርቲ መለስ ዜናዊ፣ የጭላን ሃገረሰላምን ኣብ ዓሰርተ ሓደ ክፍሊ ካብ 2008-2009 ዓ.ም መፅናዕቲ ኣካይዱ እዩ።ምስ እዚ ኣርእስቲ መፅናዕቲ ዘመሳስሎም ክልቲኦም ኣብ ዳህሳስ ኣደላልዋ ግቡእነት ፈተና ቋንቋ ትግርኛ መሰረት ዝገበሩ እንትኾኑ፣ ዘፈላልዮም ድማ ብደረጃ ክፍሊ ዝተፈላለዩ እዮም።ቅዱም መፅናዕቲ ኣብ ዓሰርተ ሓደ ክፍሊ ትኹረት ዝገበረን ኣብ ኣደላልዋ ፈተና ብሓፈሻ ዝድህስስ እንትኸውን፣ናይ ሕዚ መፅናዕቲ ኣብ ታሽዓይ ክፍሊ ኣብ ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ግቡእነት ኣደላልዋ ፈተና ክእለት ንባብ ተዓይ ክፍሊ ጥራሕ ዝድህስስ ብምኳኑ፣ካልእ ብቦታን ግዜን ይፈላለዩ እዮም።ቅዱም መፅናዕቲ ካብ 2008-2009 ዓ.ም.ኣብ ከተማ ዓብዪ ዓዲ ኣብያተ ትምህርቲ መለስ ዜናዊ፣ የጭላን ሃገረሰላምን እንትኸውን፣ናይ ሕዚ መፅናዕቲ ድማ ካብ 2017ዓ.ም.ኣብ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዳዩ ትኹረት ዝገበረ ምኳኑ የፈላልዮም።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዳህሰሱ ቅዱማት መፅናዕትታት ምስዚ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ዘመሳስሎ እንትሃለወ ኩሎም መፅናዕትታት ብዛዕባ ፈተና ዝድህስሱ ብምኳኖም እዩ። ብዕላማ፣ ብመእከቢ መረዳእታ፣ እቲ ፅንዓት ብዝካየደሉ ቦታን ግዘን ድማ እዚ መፅናዕቲ ከም ዝፍለ ምርዳእ ይካኣል።

# ምዕራፍ ሰለስተ፤ ሜላ መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ ኣብ ዳህሰሳዊ ዓይነት መፅናዕቲ ይምደብ። ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ንምዕዋት ዓይነታውን መጠናውን ሜላ መፅናዕቲ ተጠቒማ ዝምድና ዕላማ ብርኪ ትምህርትን ግቡእነት ኣገባብ ኣፈታትና ፈተና ክእለት ንባብ ንታሽዓይ ክፍሊ 2017ዓ.ም ቤት ትምህርቲ ዳዩ፣ ዝምድና መርሃ ትምህርቲ፣ መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ ንመምህርን ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ንምፍታሽ ዓይነታዊ ሜላ፤ መጠን ሽፋን ንምፍላጥ ድማ ኣሃዛውን ገለፃውን መእከቢ መረዳእታ ብምጥቃም ብገለፃዊ ሜላ ኣተናትና ዝቐርብ እዩ። መፅንዒት እዚ ሜላ ዝመረፀትሉ ምኽንያት ያለው (2009፣78) መጠናዊ ይኹን ዓይነታዊ ሜላ መፅናዕቲ ነንበይኖም ኣብ እንጥቀመሉ እዋን ካብ ባህሪ እቶም ሜላታት ዝብገስ ድኽመታት ኣብቲ ውፅኢት መፅናዕቲ ክመፅእ ስለ ዝኽእል እዚ ዓይነት ፀገም ንምንካይ ውህድ ሜላ መፅናዕቲ ምጥቃም ዝሓሸ መማረፂ እዩ ይብል። በዚ መሰረት እቲ ተተኳሪ መፅናዕቲ ልዕል ክብል ብዝተገለፀ ሜላ መፅናዕቲ ተፀኒዑ እዩ።

## 3.1 መጠን ተፀናዕቲ

ኣብዚ መፅናዕቲ ኣገልግሎት ዝወዓለ ሰነድ ብምኳኑ መፅንዒት ነዚ መፅናዕቲ ፍልፍል ሓበሬታ ክኾኑኒ እዮም

ኢላ ዝሓሰበቶም ሰነዳት ካብ ዕላማታት ብርኪ ትምህርቲ ኩሎም ማለት እውን መፅሓፍ ተምሃራይ፣ መምርሒ ንመምህርን መርሃ ትምህርትን፤ካብ ፈተናታት ንባብ ድማ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተናን ተወሲዶም እዮም።

### 3.1.1 ፍልፍል ሰነዳት

ኣብዚ መፅናዕቲ ኣብ 2017ዓ.ም ዝቐርቡ ሕቶታት ፈተና ክእለት ንባብ ሚድን መጠቓለሊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር፤ ነቲ ብርኪ ዝተዳለውስ መርሃ ትምህርቲ፣ መምርሒ ንመምህርን መፅሐፍ ተምሃራይን ተፀናዕቲ ኮይኖም እዮም። እዚ መፅናዕቲ ኣብ 2017ዓ.ም ኣብ ቤት ትምህርቲ ዳዩ ንታሽዓይ ክፍሊ ዝተዳለዉ ፈተናታት ክእለት ንባብን ኣብ ሓደ ብርኪ ክፍልን ዝተደረተ ኾይኑ ብዕላማ ተኮር ሜላ መርኣያ ክውሰዱ እዮም።

## 3.2. ሜላ መአከቢ መረዳእታ

ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ፈተናታት ምግምጋም እዩ። ብዋናነት ትኹረት ዝግበረሉ መእከቢ መረዳእታ ሰነድ ክኸውን እዩ። እዚ ሜላ መአከቢ መረዳእታ ከም ዝስዕብ ክቐርብ እዩ።

### 3.2.1 ፈተሻ ሰነድ

ኣብዚ መፅናዕቲ ብዋናነት ዝቐረበ መአከቢ መረዳእታ ፈተሻ ሰነድ እንትኸውን ኣብ 2017ዓ.ም ዝዋሃቡ ፈተናታት ክእለት ንባብ ቋንቋ ትግርኛ ንታሽዓይ ክፍሊን ነቲ ብርኪ ዝተዳለው መርሃ ትምህርቲ፣ መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ምስ ዕላማታት ትምህርቲ ዘለዎም ዝምድና ክፍተሹ እዮም።

## 3.3 ሜላ ኣተናትና መረዳእታ

እዚ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ሒዝዎ ዝብገስ ዕላማ ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ነቶም ኣብ 2017ዓ.ም ተዳልዮም ዝቐረቡ ፈተናታት ክእለት ንባብ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ብዕምቆት ብምንባብ ምስቲ ናይቲ መፅናዕቲ ዕላማታት ዝምድና ዘለዎም መረዳእታታት ናብ ሓደ ብምጥማርን መልክዕ ብምትሓዝን ይትንተን። ከምኡ እውን እቶም ዝቐረቡ ሕቶታት ምስቲ ነቲ ብርኪ ዝተዳለወ ዕላማ መርሃ ትምህርትን መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ ንመምህርን ዘለዎም ዝምድና፥ግቡእነትን ኣገባብ ኣፈታትናን እንታይ ከም ዝመስሉ በቢምዕራፉ ብምድህሳስ ክትንተኑ እዮም።

# ምዕራፍ ኣርባዕተ፤ ኣቀራርባን ትንተናን መረዳእታ

እዚ ምዕራፍ ዕላማ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ንምዕዋት ዝተኣከቡ መረዳእታታት ዝቐርበሉን ዝትንተነሉን ምዕራፍ እዩ ብተወሳኺ ውን ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ግቡእነት አገባብ ኣፈታትና ክእለት ንባብ መምህራን ትግርኛ ታሸዓይ ክፍሊ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017ዓ.ም. ምፍታሽ እዩ። ዕላማታት እዚ መፅናዕቲ ንምዕዋት ድማ ብዝተዋደደ መልክዑ ፈተሸ ሰነድ ተኻይዱ እዩ። መፅንዒት ዝኣከበቶም መረዳእታታት ካብ ናይ ታሸዓይ ክፍሊ መርሃ ትምህርቲ፣ መምርሒ ንመምህር፣ መፅሓፍ ተምሃራይን ከምኡ እዉን ብዋናነት ትኹረት ዝተገበረሉ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና ክእለት ንባብ ቋንቋ ትግርኛ ታሸዓይ ክፍሊ 2017ዓ.ም. ዝበሉ ሰነዳት እዮም። ካብቶም ሰነዳት ዝተረኸቡ መረዳእታታት ድማ ብመጠናዉን ዓይነታዉን ሜላ ኣተናትና መረዳእታ ቀሪቡ ኣሎ።

## 4.1 ካብ ተፍታሽ ሰነድ ዝተረኸበ መረዳእታ

### 4.1.1 ሓፈሻዊ ተፍትሽ መርሃ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ታሸዓይ ክፍሊ

እዚ መፅናዕቲ ከም ፍልፍል መረዳእታ ካብ ዝተጠቐመሎም ሰነዳት እቲ ሓደ መርሃ ትምህርቲ ታሸዓይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ እዩ። እዚ መርሃ ትምህርቲ ዓርሱ ክኢሉ ብመልክዕ መፅሓፍ ተዳልዩ ዝቐረበ እንተይኮነስ ትሕዝቶታቱ ምስ መምርሒ ንመምህር ኣብ መወዳእታ እቲ መፅሓፍ ካብ 142 ክሳዕ 171 ዝተቐመጠ ኮይኑ ርእሲ ናይ ሕድሕድ ምዕራፋት (ስነ-ፅሑፍን ሰዋስውን) ፥ዝተመደበሉ ክፍለ ግዘ፣ ብቕዓት ክእለት፣ ሜላ ኣተገባብራ ምምሃር ምስትምሃር፣ መምህሪ መስተምህሪ ሓገዛትን ፍልፍል መረዳእታን ሒዙ ኣብ 29 ገፃት ዝተቐመጠ እዩ።

ሰደቓ ሓደ: ዕላማታት መርሃ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ብመንፅር ዓበይቲ ንኡሳትን ክእለታት ቋንቋ ትግርኛ

| ረጋ | ርእሲ ምዕራፍ | ዕላማታት መርሃ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ 9ይ ክፍሊ | | | | | | መብርሂ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ክእለታት ቋንቋ ትምህርቲ | | | | | | |
| | | ምድማፅ | ዝርርብ | ንባብ | ፅሕፈት | ሰዋስው | ቃላት | |
| 1 | ቋንቋን ሕብረተሰብን | ✓ | ✓ | ✓ | X | X | ✓ | |
| 2 | ስነ-ቓል | X | ✓ | ✓ | ✓ | X | ✓ | |
| 3 | ስነ-ፅሑፍን ቤተ መፅሓፍትን | ✓ | ✓ | ✓ | X | X | ✓ | |
| 4 | ልቢ-ወለድ | X | X | ✓ | X | ✓ | X | |
| 5 | ስነ-ግጥሚ | X | X | ✓ | X | X | ✓ | |
| 6 | ተዋስኦ | ✓ | X | ✓ | X | ✓ | X | |
| 7 | ከባቢ መሰረት ዝገበረ ገለፃ | ✓ | X | ✓ | X | X | ✓ | |
| 8 | መራኸብቲ ሓፋሽ | X | X | ✓ | ✓ | ✓ | X | |
| 9 | ብሉፅ መደረ | X | X | ✓ | X | ✓ | ✓ | |
| 10 | ክትዕ | X | X | ✓ | X | X | ✓ | |

ካብቲ ሰደቓ ምርዳእ ዝከኣል ኣብቲ መርሃ ትምህርቲ ኩሎም ክእለታት ዝተኻተቱ እኳ እንተኾኑ ብበዝሒ ዝሓዝዎ

ሽፋን ግን ዝተመጣጠኑ ኣይኮኑን። ካብቶም ዝቐረቡ ዓሰርተ ምዕራፋት ምሉእ ሽፋን ዝረኸበ ክእለት ንባብ እንትኾን ክእለት ቃላት ድማ ካብ ዓሰርተ ሽውዓተ ብምርካብ ካልኣይ፤ ዝርርብ፣ ምድማፅን ሰዋስውን ኣርባዕተ ከምኡ ውን ፅሕፈት ድማ ኣብ ሰለስተ ምዕራፋት ተኻቲቶም ይርከቡ። ኣብዚ ክእለታት ፅሕፈት፣ ምድማፅ፣ ምዝራብን ሰዋስውን ክንድቲ ዝድለ ሽፋን ዘይተወሃቦም ምኽኑ እቲ ፈተሻ ሰነድ የመላኽት። ኣብ ኣሰናድኣ እቲ መራሃ ትምህርቲ እውን እቶም ትሕዝቶታት መምስ ዕላማ ትሕዝቶኦም ነፂርካ ኣብ ምቕማጥ እውን ክፍተት ኣሎ።

### 4.1.2 ሓፈሻዊ ተፍትሽ መምርሒ ንመምህር ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ

እዚ መፅሓፍ ድሙቕ ቆፅላዋይ ሕብሪ ዘለዎ ቋንቋ ትግርኛ መምርሒ ንመምህር **ታሽዓይ** ክፍሊ ዝብል ብደሚቅ ብጫ ቀለም ዝተፀሓፎ ኮይኑ ኣብ ቅድሚት ኣብ ላዕለዋይ ጠርዚ እቲ ገፅ ናይ ኢትዮጵያ ባንዴራ ዝሓዘ እንትኸውን ካብ ማእኸል እቲ ሽፋን መፅሓፍ ትሕት ኢሉ ዓብይ ክቢ ዝተቐመጠ እንትኾን ኣብ ማእኸሉ ናይ ኣኽሱም ሓወልቲ፣ ኣብ ወሰንወሰን እቲ ክቢ ድማ ንባብ፣ ቃላት፣ ፅሕፈትን ምድማፅን ዝብሉ ዓበይትን ክእለታት ቋንቋን ስነ-ልሳንን ኣካቲቱ ዝሓዘ እንትኾን ኣብቶም ሕድሕድ ምዕራፋት ዝርዝር ዕላማታት፣ ንሕድሕድ ምዕራፍ ዝተወሃበ ክፍለ ግዘ፣ መረዳእታ ንመምህር፣መምህሪ ሓገዝ፣ ኣገባብ ኣመሃህራ፣መጠቓለሊ ትሕዝቶ፣ ኣገባብ ገምጋም፣ መልሲ ሕቶታት ናይ መፅሓፍ ተምሃራይ፣ ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ትፅቢት ዝግበረሉ ኣዕጋቢ ብቕዓት ክእለት (M,L,C)ን መወከሲ መፅሓፍትን ኣካቲቱ ብ142 ገፃት ተጠቓሊሉ ዝቐረበ እንትኸውን ብቐሊሉ ክበላሾ ዘይክእልን ንምሓዙ ምቹው ኮይኑ ዝተዳለወ እዩ።

ሰደቓ ክልተ፦ ኣብ መምርሒ ንመምህር ዝተኻተቱ ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ብመንፅር ክእለታት ቋንቋ

| ረጋ | ርእሲ ምዕራፍ | ዕላማታት መርሃ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ 9ይ ክፍሊ | | | | | | መብርሂ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ክእለታት ቋንቋ ትምህርቲ | | | | | | |
| | | ምድማፅ | ዝርርብ | ንባብ | ፅሕፈት | ሰዋስዉ | ቃላት | |
| 1 | ቋንቋን ሕብረተሰብን | ✓ | X | ✓ | ✓ | X | X | |
| 2 | ስነ-ቓል | ✓ | X | ✓ | ✓ | ✓ | X | |
| 3 | ስነ-ፅሑፍን ቤተ መፅሓፍትን | ✓ | X | ✓ | X | X | ✓ | |
| 4 | ልቢ-ወለድ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 5 | ስነ-ግጥሚ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 6 | ተዋስኦ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 7 | ከባቢ መሰረት ዝገበረ ገለፃ | X | X | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 8 | መራኸብቲ ሓፋሽ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 9 | ብሉፅ መደረ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 10 | ክትዕ | X | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |

እዚ ሰደቓ ከም ዘመላኽተና ክእለት ንባብ ሙሉእ ዓሰርተ፣ ፅሕፈት ትሽዓተ፣ ምድማፅ፣ ሰዋስውን ቃላትን ድማ ማዕረ ሸሸሞንተ ሽፋን ከም ዝተዋሃቦም የርኢ። እዚ ድማ ደርጋ ኣብ ኩሎም ክእለታት ተመጣጣኒ ዝኾነ ሽፋን እንተሃለዎም ክእለት ዝርርብ ግን ዝተሓተ ሽፋን ሒዙ ይርከብ።

### 4.1.3. ሓፈሻዊ ተፍትሽ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ

መፅንዒት ብዋናነት ካብ ዝተጠቐመትሎም ሰነዳት እቲ ሓደ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ እዩ።እዚ መፅሓፍ ብሚኒስተር ትምህርቲ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ብ2008 ዓ.ም. ተዳልዩ ዝተሓተመ ኮይኑ ናይዚ መፅሓፍ ደጋዊ ሽፋን፣ ውሽጣዊ ሽፋንን ኩሎም ትሕዝቶታት ቋንቋ ትምህርቲ ዝተወሃቦም ሽፋን እንታይ ከም ዝመስል ከምዚ ዝስዕብ ቐሪቡ ኣሎ።

#### 4.1.3.1 ደጋዊ ተፍትሽ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ

እዚ መፅሓፍ ድሙቕ ቆፅላዋይ ሕብሪ ዘለዎ ቋንቋ ትግርኛ መፅሓፍ ተምሃራይ ታሽዓይ ክፍሊ ዝብል ብደሚቅ ብጫ ቀለም ዝተፀሓፎ ኮይኑ ኣብ ቅድሚት ኣብ ላዕለዋይ ጠርዚ እቲ ገፅ ናይ ኢትዮጵያ ባንዴራ ዝሓዘ እንትኸውን ካብ ማእኸል እቲ ሽፋን መፅሓፍ ትሕት ኢሉ ዓብይ ክቢ ዝተቐመጠ እንትኾን ኣብ ማእኸሉ ናይ ኣኽሱም ሓወልቲ፣ ኣብ ወሰንወሰን እቲ ክቢ ድማ ንባብ፣ ቃላት፣ ፅሕፈትን ምድማፅን ዝብሉ ዓበይትን ክእለታት ቋንቋን ስነ-ልሳንን ኣካቲቱ ዝሓዘ እዩ።ብሓፈሻ እቲ መፅሓፍ ብቐሊሉ ክበላሾ ዘይክእልን ንምሓዙ ምቹው ኮይኑ ዝተዳለወ እዩ።

#### 4.1.3.2 ውሽጣዊ ተፍትሽ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ

ልክዕ ከምቲ ደጋዊ ሽፋን ኣብ መጀመሪያ ላዕለዋይ ጠርዚ እቲ ገፅ ባንዴራ ፌደራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ፣ ትግርኛ መፅሓፍ ተምሃራይ ታሽዓይ ክፍሊ ዝብል ብንፁር ዝተቐመጠ እንትኸውን ናይቲ መፅሓፍ ጉጅለ ኣሰናዳእቲ ወይ ፅሓፍቲ፣ ገምገምቲን ኤዲተራትን ሽም ዝርዝር ዝሓዘ ምኻኑ ከም ጠንካራ ጎኑ ዝውሰድ እንትኾን ናይቶም ሰብ ሞያ ደረጃ ትምህርቶም ዘይተገለፀ ምኻኑ ከም ድኽመት ዝውሰድ እዩ።

ብሓፈሻ እቲ መፅሓፍ ተምሃራይ 168 ገፃትን ዓሰርተ ምዕራፋትን ዝሓዘ እዩ። ኣብ ሕድሕድ ምዕራፍ ዝርዝር ዕላማታት፥ሕቶታት ቅድመ ንባብ፣ ሕቶታት እዋን ንባብን ድሕረ ንባብ ከምኡ እዉን ሰዋስውን ቃላትን፤ኣብ ሕድሕድ መወዳእታ ምዕራፍ ድማ መጠቓለሊ ምዕራፍ ከምኡ ውን ሕቶታት ዓርሰ ገምጋምን ኣጠቃሊሉ ዝሓዘ እዩ።

እዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ዓሰርተ ምዕራፋት ዘለዎን ካብኣቶም ድማ ዝተፈላለዩ ትሕዝቶ ዘለዎም 21 ብሌጣ ፅሑፉን 4 ብግጥሚ መልክዕን ዝቐረቡ ብጠቕላላ 25 ምንባባት ዝሓዘ እንትኾን ኩሎም ካብ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ዝተረኸቡ ምኻኖም ተጠቒሱ ዝቐረበ እዩ። ካሊእ ናይቲ መፅሓፍ ተምሃራይ መግለፂ ትሕዝቶ ዝኾኑ ሰዋስው፣ ቃላት፣ ስነ-ፅሑፍን ስነ-ቓልን መልመድታትን እዮም። እዞም መልመድታት ኣብ ሕድሕድ ምንባባት ቅድመ ንባብ፣ እዋን ንባብ፣ ድሕረ ንባብን ኣንቢብካ ምርዳእ፣ ዝርርብ፣ ፅሕፈት፣ ምድማፅ፣ ቃላትን ሰዋስዉን ከምኡእዉን ናይ ስነ ፅሑፍ ክእለታትን ፍልጠታትን ሒዙ ይርከብ።

#### 4·1.4. ተፍታሽ ዕላማ ትምህርቲ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ

ሰደቓ ሰለስተ፡- ኣብ ሕድሕድ ምዕራፍ ዝተኻተቱ ዕላማ ትምህርቲ ታሽዓይ ክፍሊ መፅሓፍ ተምሃራይ ብመንፅር ክእለታትን ፍልጠት ስነ ፅሑፍን

| **ረጋ** | **ርእሲ ምዕራፍ** | ዕላማታት መርሃ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ 9ይ ክፍሊ | **መብርሂ** |
|---|---|---|---|
| | | ክእለታት ቋንቋ ትምህርቲ | |

| | | ምድማፅ | ዝርርብ | ንባብ | ፅሕፈት | ሰዋስዉ | ቃላት | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ቋንቋን ሕብረተሰብን | ✓ | X | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 2 | ስነ-ቓል | ✓ | X | ✓ | ✓ | ✓ | X | |
| 3 | ስነ-ፅሑፍን ቤተ መፅሓፍትን | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | X | ✓ | |
| 4 | ልቢ-ወለድ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 5 | ስነ-ግጥሚ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 6 | ተዋስኦ | ✓ | ✓ | ✓ | X | ✓ | ✓ | |
| 7 | ከባቢ መሰረት ዝገበረ ገለፃ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 8 | መራኸብቲ ሓፋሽ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 9 | ብሉፅ መደረ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 10 | ክትዕ | X | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |

ካብቲ ዝቐረበ ሰደቓ ክእለት ንባብ ዓሰርተ፣ ፅሕፈት፣ ምድማፅ ሰዋስውን ቃላትን ድማ ተትሸዓተ፣ ዝርርብ ድማ ሸሞንተ ብሓፈሻ ኩሎም ክእለታት ቋንቋ ኣብ ዓሰርተ ምዕራፋት ተመጣጣኒ ብዝኾነ ሸፋን ተኻቲቶም ዝርከቡ ምዃኖም የርኢ።

4.1.5. ኣብ ሰለስቲኦም ብርኪ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊዝተፈተሹ ሰነዳት

ሰደቓ ኣርባዓተ፡- ካብ ሰለስቲኦም ሰነዳት ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ዝተረኸቡ መረዳእታታት

| ረጋ | ዕላማ ትምህርቲ | መርሃ ትምህርቲ | መምርሒ ንመምህር | መፅሓፍ ተምሃራይ | ድምር |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ምድማፅ | 4 | 8 | 9 | 21 |
| 2 | ዝርርብ | 3 | 6 | 8 | 17 |

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| 3 | ንባብ | 10 | 10 | 10 | 30 |
| 4 | ፅሕፈት | 2 | 9 | 9 | 20 |
| 5 | ሰዋስዉ | 4 | 8 | 9 | 21 |
| 6 | ቃላት | 7 | 8 | 9 | 24 |
| | ድምር | 30 | 49 | 54 | 133 |

እዚ ሰደቓ ከም ዘመላኽቶ ኣብ መርሃ ትምህርቲ፣ መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ዘለው ዕላማታት ትምህርቲ ዘለዎም ሽፋን ዘርኢ እዩ። ኣብ ሰለስቲኦም ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ብፈተሻ ሰነድ ዝተረኸበ ውፅኢት ክእለት ንባብ ኣብ ሰለስቲኦም ሰነዳት ካብ ጠቕላላ 30 ምዕራፍ 30 ሽፋን ብምርካብ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ሰፊሩ ኣሎ። ብምቕፃል ንኡስ ክእለት ቃላት ድማ ካብ 30 ጠቕላላ ዕላማ ትምህርቲ 24 ሽፋን ሒዙ ኣብ ካልኣይ ደረጃ እንትርከብ ክእለት ምድማፅን ንኡስ ክእለት ሰዋስውን ድማ ካብ 30 ምዕራፍ 21 ሽፋን ብምርካብ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ተቐሚጦም ኣለው። ፅሕፈትን ዝርርብን ድማ ብንፅፅር እቲ ዝተሓተ ሽፋን ማለት ካብ 30 ምዕራፍ ፅሕፈት 20 ዝርርብ ድማ 17 ሽፋን ብምርካብ ኣብ ራብዓይ ሓምሻይን ደረጃ ይርከቡ። ኣብ መርሃ ትምህርቲ ነቶም ዕላማታት ትምህርቲ ነፂርካ ኣብ ምቕማጥ ፀገም ዘለዎ እንትኾን ኣብ መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ዘለዎ ሽፋን ብዜካ ዝርርብ ኣብ መምርሒ ንመምህር ሽድሽተ ሽፋን ምርካቡ እቶም ዝተረፉ ክእለታት ግን ካብ ሸሞንተ ክሳብ ዓሰርተ ስለ ዝኾኑ ብንፅፅር ዝተመጣጠነ ሽፋን ሒዞም ይርከቡ።

### 4.1.6 ተፍታሽ ትሕዝቶ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ 2017 ዓ.ም

እቲ ብመምህራን ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዳዩ ተዳልዩ ዝቐረበ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና ሽም ቤት ትምህርቲ፣ ዓይነት ፈተና፣ ተሰሪሑ ንኽውዳእ ዝተውሃቦ ግዜ፣ ኣሰናዳእቲ ፈተናን መምርሒታትን ብንፁር ዝተቐመጠሉ እንትኸውን ናይ ቀዳማይ ሰሚስተር ሚድ ፈተና ሰለስተ መምርሕታትን ዓሰርተ ሓሙሽተ ሕቶታትን ዝሓዘ እንትኸውን መጠቓለሊ ፈተና ድማ ኣርባዕተ መምርሕታትን ዒስራን ሓሙሽተን ሕቶታትን ኣካቲቶም ቀሪቦም ኣለው። ናይ ካልኣይ ሰሚስተር ሚድ ፈተና እንትርአ ኽዓ ክልተ መምርሒታትን ዓሰርተ ሓሙሽተ ሕቶታትን እንትሕዝ መጠቓለሊ ፈተና ድማ ኣርባዕተ መምርሒታትን ዒስራን ሰለስተን ሕቶታትን ሒዞም ይርከቡ። ብሓፈሻ ነቶም ዓበይትን ንኡሳትን ክእለታት ዘካተቱ ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር 15 ሕቶታት ሚድን 25 ሕቶታት ብጠቕላላ 40 ሕቶታት ኣብ ካልኣይ ሰሚስተር ድማ 15 ሕቶታት ሚድን 23 ሕቶታት መጠቓለሊ ፈተናን ጠቕላላ 38 ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊ ፈተናን ብድምር 78 ሕቶታት ኣጠቓሊሉ ዝሓዘ እዩ። ብምኽኑ እዉን ትኹረት እዚ መፅናዕቲ ትሕዝቶ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017ዓ.ም እዩ። በዝሒ ሕቶታት ድማ

ተመሳሳሊ ናይ ቀዳማይ ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና 40 ሕቶ ናይ ካልኣይ ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና ድማ 38 ሕቶታት ብጠቕላላ 78 ሕቶታት እዮም።

ሰደቓ ሓሙሽተ፣ ትሕዝቶ ፈተና ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊ ፈተናን ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017ዓ.ም

| ትሕዝቶ ፈተና | ቀዳማይ ሰሚስተር | | | | ካልኣይ ሰሚስተር | | | | መብርሂ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | ሚድ | | መጠቓለሊ | | ሚድ | | መጠቓለሊ | | |
| | ብቁፅሪ | ብ% | ብቁፅሪ | ብ% | ብቑፅሪ | ብ% | ብቑፅሪ | ብ% | |
| ምድማፅ | – | – | – | – | – | – | – | – | |
| ዝርርብ | – | – | – | – | – | – | – | – | |
| ንባብ | – | – | – | – | – | – | – | – | |
| ፅሕፈት | 3 | 20% | _ | _ | _ | _ | 2 | 8.7% | |
| ሰዋስው | 8 | 53.3% | 11 | 44% | 9 | 60% | 19 | 82.6% | |
| ቃላት | 1 | 6.7% | 11 | 44% | 2 | 13.3% | 1 | 4.3% | |
| ስነ ፅሑፍ | 3 | 20% | 3 | 12% | 4 | 26.7% | 1 | 4.3% | |

| | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ብድምር | 15 | 100% | 25 | 100 | 15 | 100 | 23 | 100% | |

ካብ ዝቐረበ ሰደቓ ምርዳእ ከም ዝከኣል ካብ ትሕዝቶ ፈተና ምድማፅ፣ ዝርርብን ንባብን ኣብ ክልቲኡ ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ታሸዓይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ዳዩ ኣይተኻተተን። ክእለት ፅሕፈት ብዝምልከት ኣብ ክልቲኡ ማለት ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር ሚድ 20 ሚእታዊ ኣብ ካልኣይ ሰሚስተር መጠቓለሊ ፈተና ድማ 8.7 ሚእታዊ ብምክታት እቲ ዝተሓተ ሸፋን እንትሕዝ ሰዋስው ድማ ኣብ ክልቲኡ ሰሚስተር ሚድ ቀዳማይ ሰሚስተር 8 ሕቶታት ወይ ድማ 53.3 ሚእታዊ፤ ካልኣይ ሰሚስተር ሚድ ድማ 9 ሕቶ ወይ 60 ሚእታዊ እንትሕዝ ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር መጠቓለሊ ፈተና ዓሰርተ ሓደ ሕቶታት ማለት 44 ሚእታዊ ኣብ ካልኣይ ሰሚስተር መጠቓለሊ ፈተና ድማ 19 ሕቶታት ወይ 82.6 ሚእታዊ ብዝኾነ ሰፊሕ ሸፋን ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ሒዙ እንትርከብ ቃላትን ስነ ፅሑፍን ድማ ብዘይካ ቃላት ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር መጠቓለሊ ፈተና 11 ሕቶ ወይ 44 ሚእታዊ ሸፋን ምሓዙ ብንፅፅር ደርጋ ኣብ ኩሉ ተመጣጣኒ ዝኾነ ሸፋን ሒዞም ኣብ ማእኸል ይርከቡ።

### 4.2. ገምጋም ዕላማ መርሃ ትምህርትን ትሕዝቶ ቀዳማይን ከልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና ታሸዓይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017 ዓ.ም.

ሰደቓ ሸድሸተ፣ ዕላማ መርሃ ትምህርትን ትሕዝቶ ቀዳማይን ከልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና ታሸዓይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ ቤት ት/ቲ ዳዩ 2017 ዓ.ም.

| ረጋ | ትሕዝቶ ቋንቋ ትምህርቲ | ዕላማታት መርሃ ትምህርቲ | | ኣብ 2017ዓ.ም ቀዳማይ ሰሚስተር ዝተኻተቱ ትሕዝቶታት ፈተና | | | | ኣብ 2017ዓ.ም ካልኣይ ሰሚስተር ዝተኻተቱ ትሕዝቶታት ፈተና | | | | መብርሂ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | ሚድ | | መጠቓለሊ | | ሚድ | | መጠቓለሊ | | |
| | | ብቁፅሪ | ብ% | ብቑፅሪ | ብ% | ብቑፅሪ | ብ% | ብቑፅሪ | ብ% | ብቑፅሪ | ብ% | |
| 1 | ምድማፅ | 4 | 11.4% | _ | _ | _ | _ | _ | _ | _ | _ | |
| 2 | ዝርርብ | 3 | 8.6% | _ | _ | _ | _ | _ | _ | _ | _ | |
| 3 | ንባብ | 10 | 28.6% | _ | _ | _ | _ | _ | _ | _ | _ | |
| 4 | ፅሕፈት | 2 | 5.7% | 3 | 20% | _ | _ | _ | _ | 2 | 8.7% | |
| 5 | ሰዋስዉ | 4 | 11.4% | 8 | 53.3% | 11 | 44% | 9 | 60% | 19 | 82.6% | |
| 6 | ቃላት | 7 | 20% | 1 | 6.7% | 11 | 44% | 2 | 13.3% | 1 | 4.3% | |
| 7 | ስነ-ፅሑፍ | 5 | 14.3% | 3 | 20% | 3 | 12% | 4 | 26.7% | 1 | 4.3% | |
| ድምር | | 35 | 100% | 15 | 100% | 25 | 100% | 15 | 100% | 23 | 100% | |

ካብ ዝቐረበ ሰደቓ ክእለት ምድማፅ ኣብ ዕላማ መርሃ ትምህርቲ ብቑፅሪ ኣርባዕተ ብሚኢታዊ 11.4%፤ ክእለት ዝርርብ ብቑፅሪ ሰለስተ ብሚእታዊ 8.6%፤ ክእለት ነባብድማ ብቑፅሪ ዓሰርተ ብሚእታዊ 28.6% ሽፋን ዝሓዙ እንትኾን ኣብ ናይ ቀዳማይን ካልኣይ ሰሚሰተር ሚድን መጠቓለሊ ፈተናታት ክእለት ንባብ 9ይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017ዓ/ም ግን ምንም ዓይነት ነዞም ክእለታት ዝምልከት ትሕዝቶ ፈተና ኣይቀረበን። ብተመሳሳሊ ክእለት ፅሕፈት ድማ ኣብ ዕላማ መርሃ ትምህርቲ ብቑፅሪ ክልተ ብሚኢታዊ 5.7% ሽፋን እንትህልዎ ኣብ ትሕዝቶ ናይ ቀዳማይን ካልኣይ ሰሚሰተር ሚድን መጠቓለሊ ፈተናታት ክእለት ንባብ 9ይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017ዓ/ም ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተረ ሚድ ብቑፅሪ ሰለስተ ብሚእታዊ 20% ኣብ መጠቓለሊ ፈተና ካልኣይ ሰሚስተር ብቑፅሪ ክልተ ብሚእታዊ 8.7% ሽፋን ተዋሂብዎ ከም ዘሎ እቲ ዝተቐመጠ ዳታ እንተርኢ ኣብ መጠቓለሊ ፈተና ቀዳማይ ሰሚስተርን ኣብ ሚድ ፈተና ካልኣይ ሰሚስተርን ግን ምንም ሽፋን ኣይተዋሃቦን። ሰዋስው ኣብ መርሃ ትምህርቲ ብቑፅሪ ኣርባዕተ ብሚእታዊ 11.4% ሽፋን እንትዋሃቦ ኣብ ናይ ቀዳማይ ሰሚስተር ሚድ ፈተና ክእለት ንባብ ቤት ትምህርቲ ዳዩ ብቑፅሪ ሾሞንተ ብሚእታዊ 53.3 ኣብ መጠቓለሊ ፈተና ብቑፅሪ 11 ብሚእታዊ 44% ሽፋን እንትዋሃቦ ኣብ ሚድ ፈተና ካልኣይ ሰሚስተር ብቑፅሪ ትሽዓተ ብሚእታዊ 60% ኣብ መጠቓለሊ ፈተና ድማ ብቑፅሪ ዓሰርተ ትሽዓተ ብሚእታዊ 82.6% ዝኾነ ሰፊሕ ሽፋን ሒዙ ይርከብ። ቃላት እንትንርኢ ድማ ኣብ መርሃ ትምህርቲ ብቑፅሪ ሸውዓተ ብሚእታዊ 20% ሽፋን እንትዋሃቦ ኣብ ሚድ ፈተና ቀዳማይ ሰሚስተር ብቑፅሪ ሓደ ብሚእታዊ 6.7% ኣብ መጠቓለሊ ፈተና ቀዳማይ ሰሚስተር ብቑፅሪ ዓሰርተ ሓደ ብሚእታዊ 44% ሽፋን እንትዋሃቦ እብ ሚድ ፈተና ካልኣይ ሰሚስተር ብቑፅሪ ክልተ ብሚእታዊ 13.3% ኣብ መጠቓለሊ ፈተና ካልኣይ ሰሚስተር ብቑፅሪ ሓደ ብሚእታዊ 4.3% ሽፋን ተዋሂብዎ ይርከብ። ስነ ፅሑፍ ድማ ኣብ ዕላማ መርሃ ትምህርቲ ብቑፅሪ ሓሙሽተ ብሚእታዊ 14.3% እንትኸዉን ኣብ ሚድ ፈተና ቀዳማይ ሰሚስተር ብቑፅሪ ሰለስተ ብሚእታዊ 20% ኣብ መጠቓለሊ ፈተና ቀዳማይ ሰሚስተር ብቑፅሪ ሰለስተ ብሚእታዊ 12% ኣብ ሚድ ፈተና ካልኣይ ሰሚስተር ብቑፅሪ ኣርባዕተ ብሚእታዊ 26.7% መጠቓለሊ ፈተና ካልኣይ ሰሚስተር ብቑፅሪ ሓደ ብሚእታዊ 4.3% ሽፈን ሒዙ ከም ዝርከብ እቲ ዝቐረበ ዳታ የመልክት።

ብሓፈሻ ዝምድና ዕላማ መርሃ ትምህርትን ትሕዝቶ ፈተና ክእለት ንባብ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና 9ይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017ዓ/ም እንትረአ ሽፋን ክእለት ንባብ ኣብ ዕላማ መርሃ ትምህርቲ ብቑፅሪ ዓሰርተ ብሚኢታዊ ድማ 28.6% ሒዙ እዩ። እዚ ሽፋን ምስ ትሕዝቶ ፈተና ክእለት ንባብ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና እንትነፃፀር ምንም ሽፋን ኣይተዋሃቦን ። እዚ ድማ ኣብ መርሃ ትምህርቲ ካብ ዝተዋሃቦ 28.6% ሽፋን ምንም ትሕዝቶ ንባብ ብዘይ ምክታቶም ዓብይ ክፍተት ከም ዘሎ ምርኣይ ተኻኢሉ እዩ።

### 4.3. ገምጋም ዕላማ መምርሒ ንመምህርን ትሕዝቶ ቀዳማይን ከልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና ታሽዓይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017 ዓ.ም.

ሰደቓ ሸውዓተ፣ ዕላማ መምርሒ ንመምህርን ትሕዝቶ ቀዳማይን ከልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና ታሽዓይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ ቤት ት/ቲ ዳዩ 2017ዓ.ም.

| ረጋ | ትሕዝቶ ቋንቋ ትምህርቲ | ዕላማታት ተምህርቲ መምርሒ ንመምህር | | ኣብ 2017ዓ.ም ቀዳማይ ሰሚስተር ዝተኻተቱ ትሕዝቶታት ፈተና | | | | ኣብ 2017ዓ.ም ካልኣይ ሰሚስተር ዝተኻተቱ ትሕዝቶታት ፈተና | | | | መብርሂ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | ሚድ | | መጠቓለሊ | | ሚድ | | መጠቓለሊ | | |
| | | ብቁፅሪ | ብ% | ብቑፅሪ | ብ% | ብቑፅሪ | ብ% | ብቑፅሪ | ብ% | ብቑፅሪ | ብ% | |
| 1 | ምድማፅ | 8 | 14.1% | _ | _ | _ | _ | _ | _ | _ | _ | |
| 2 | ዝርርብ | 6 | 10.5% | _ | _ | _ | _ | _ | _ | _ | _ | |
| 3 | ንባብ | 10 | 17.5% | _ | _ | _ | _ | _ | _ | _ | _ | |
| 4 | ፅሕፈት | 9 | 15.8% | 3 | 20% | _ | _ | _ | _ | 2 | 8.7% | |
| 5 | ሰዋስዉ | 8 | 14.1% | 8 | 53.3% | 11 | 44% | 9 | 60% | 19 | 82.6% | |
| 6 | ቃላት | 8 | 14% | 1 | 6.7% | 11 | 44% | 2 | 13.3% | 1 | 4.3% | |
| 7 | ስነ-ፅሑፍ | 8 | 14% | 3 | 20% | 3 | 12% | 4 | 26.7% | 1 | 4.3% | |
| ድምር | | 57 | 100% | 15 | 100% | 25 | 100% | 15 | 100% | 23 | 100% | |

ካብቲ ዝቐረበ ሰደቓ ክእለት ንባብ ኣብ ዕላማ መምርሒ ንመምህር ብቑፅሪ ዓሰርተ ብሚኢታዊ 17.5% ሽፋን ዝሓዘ እንትኾን ኣብ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊ ፈተና ታሽዓይ ክፍሊ 2017ዓ/ም. ንንባብ ዝምልከት ትሕዝቶ ፈተና ኣይቐረበን። ክእለት ዝርርብን ምድማፅን እንትንርኢ ድማ ኣብ ዕላማ መምርሒ ንመምህር ምድማፅ ብቑፅሪ ሸሞንተ ብሚኢታዊ 14.1% ዝርርብ ድማ ብቑፅሪ ሽድሽተ ብሚእታዊ 10.5% ሽፋን እንትህልዎም ኣብ ትሕዝቶ ፈተና ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና ታሽዓይ ክፍሊ 2017ዓ.ም. ምንም ሽፋን ኣይተውሃቦምን። ብኣንፃሩ ቃላት፣ ሰዋስውን ስነ-ፅሑፍን እንትንርኢ ድማ ኣብ ዕላማ መምርሒ ንመምህር ብቑፅሪ ብተመሳሳሊ ሸሸሞንተ ብሚኢታዊ 14% ሽፋን ዝሓዙ እንትኾን ብትሕዝቶ ፈተና ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር ሚድ ፈተና ታሽዓይ ክፍሊ 2017ዓ.ም. ቃላት ሓደ ሕቶ ብምክታት 6.7% ሚኢታዊ፤

ሰዋስው ሸሞንተ ሕቶታት ብምክታት 53.3%፤ ስነ-ፅሑፍ ሰለስተ ሕቶታት ብምሓዝ 20%ሚእታዊ፤ ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር መጠቓለሊ ፈተና ድማ ቃላትን ሰዋስውን ማዕረ ዓሰርተ ሓደ ሕቶታት ሒዞም 44%፤ ስነ-ፅሑፍ ሰለስተ ሕቶ ሒዙ 12% እንትርከብ፤ ኣብ ካላኣይ ሰሚስተር ሚድ ፈተና ክዓ ቃላት ክልተ ሕቶ ሒዙ 13.3%፤ ሰዋስው ትሽዓተ ሕቶ ብምክታት 60%፤ ስነ-ፅሑፍ ኣርባዓተ ሕቶታት ሒዙ 26.7% እንትኸውን ኣብ መጠቓለሊ ፈተና ካልኣይ ሰሚስተር ሰዋስው ዓሰርተ ትሸተ ሕቶታት ብምክታት 82.6% ብምሓዝ ኣብ ቅድሚት እንትስራዕ ቃላትን ስነ-ፅሑፍን ድማ ማዕረ ሓደሓደ ሕቶታት ብመሓዝ 4.3% ሽፋን ሒዞም እንትርከቡ ክእለት ፅሕፈት ድማ ኣብ ዕላማ መምርሒ ንመምህር ብቑፅሪ ትሽዓተ ሕቶታት ብምሓዝ 15.8% ሚኢታዊ እንትሕዝ ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር ሚድ ፈተና ሰለስተ ሕቶታት ብምክታት 20% እንትሕዝ ኣብ መጠቓለሊ ፈተና ካልኣይ ሰሚሰተር ክልተ ሕቶ ብምክታት 8.7% ሚእታዊ ሒዙ እንትርከብ ኣበ ናይ ቀዳማይ ሰሚስተር መጠቓለሊ ፈተናን ኣብ ካልኣይ ሰሚስተር ሚድ ፈተናን ግን ምንም ሽፋን ኣይተዋሃቦምን።

እቲ ልዕል ኢሉ ዝቐረበ መረዳእታ ምስ ዝምድና ዕላማ መምርሒ ንመምህርን ትሕዝቶ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊ ፈተና ክእለት ንባብ ታሽዓይ ክፍሊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017ዓ.ም. እንትረአ ንክእለት ንባብ ምንም ሽፋን ዘይሃበ ትኹረቱ ኣብ ኣብ ሰዋስው ብውሱን መልክዑ ድማ ንቃላትን ስነ-ፅሑፍን ዝገበረ ንቶም ካልኦት ክእለታት ዝረሰዐ ኣወፃፅኣ ፈተና ምዃኑ እዩ።ብሓፈሻ እቶም ዝቐረቡ ፈተናታት ንዕላማታት ትምህርቲ መምርሒ ንመምህር ኣብግምት ዘየእተውን ንክእለት ንባብ ድማ ምንም ሽፋን ዘይሃቡን ብምኳኖም ዓብይ ክፍተት ከም ዛሎ ምርዳእ ተኻኢሉ እዩ። በዚ መሰረት ዝምድና ዕላማ ትምህርቲ መምርሒ ንመምህር ምስ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊ ፈተናታት ክእለት ንባብ ታሽዓይ ክፍሊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዳዩ እንትርአ ምንም ዝምድና ከምዘይብሎም የመልክት።

## 4.4. ገምጋም ዕላማ መፅሓፍ ተምሃራይን ትሕዝቶ ቀዳማይን ከልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና ታሽዓይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017 ዓ.ም.

ሰደቓ ሸሞንተ፣ ዕላማ መፅሓፍ ተምሃራይን ትሕዝቶ ቀዳማይን ከልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና ታሽዓይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ ቤት ት/ቲ ዳዩ 2017 ዓ.ም.

| ረጋ | ትሕዝቶ ቋንቋ ትምህርቲ | ዕላማታት ትምህርቲ መፅሓፍ ተምሃራይ | | ኣብ 2017ዓ.ም ቀዳማይ ሰሚስተር ዝተኻተቱ ትሕዝቶታት ፈተና | | | | ኣብ 2017ዓ.ም ካልኣይ ሰሚስተር ዝተኻተቱ ትሕዝቶታት ፈተና | | | | መብርሂ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | ሚድ | | መጠቓለሊ | | ሚድ | | መጠቓለሊ | | |
| | | ብቁፅ | ብ% | ብቑፅ | ብ% | ብቑፅ | ብ% | ብቑፅ | ብ% | ብቑፅ | ብ% | |

| | | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ሪ | | ሪ | | ሪ | | ሪ | | ሪ | | |
| 1 | ምድማፅ | 9 | 15% | _ | _ | _ | _ | _ | _ | _ | _ | |
| 2 | ዝርርብ | 8 | 13.3% | _ | _ | _ | _ | _ | _ | _ | _ | |
| 3 | ንባብ | 10 | 16.7% | _ | _ | _ | _ | _ | _ | _ | _ | |
| 4 | ፅሕፈት | 9 | 15 % | 3 | 20% | _ | _ | _ | _ | 2 | 8.7% | |
| 5 | ሰዋስዉ | 9 | 15% | 8 | 53.3% | 11 | 44% | 9 | 60% | 19 | 82.6% | |
| 6 | ቃላት | 9 | 15 % | 1 | 6.7% | 11 | 44% | 2 | 13.3% | 1 | 4.3% | |
| 7 | ስነ-ፅሑፍ | 6 | 10% | 3 | 20% | 3 | 12% | 4 | 26.7% | 1 | 4.3% | |
| ድምር | | 60 | 100% | 15 | 100% | 25 | 100% | 15 | 100% | 23 | 100% | |

ካብቲ ዝቐረበ ሰደቓ ሸሞንተ ምርኣይ ከም ዝካኣል ኣብ ዕላማ ትምህርቲ መፅሓፍ ተምሃራይ ክእለት ምድማፅ፣ ፅሕፈት፣ ሰዋስውን ቃላትን ማዕረ ዝኾነ ሸፋን ብቑፅሪ ተትሽዓተ ብሚእታዊ ድማ 15% ሒዞም ዝርከቡ እንትኾን ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር ሚድ ፈተና ክእለት ንባብ እንትርአ ምድማፅ ምንም ሸፋን ዘይተዋሃቦ እንትኾን ፅሕፈት ብቑፅሪ ሰለስተ ብሚእታዊ ድማ 20% እንትሕዝ፤ ቃላት ድማ ብቑፅሪ ሓደ ብሚእታዊ 6.7%፤ ሰዋስው ብቑፅሪ ሸሞንተ ብሚእታዊ 53.3% ሸፋን ተዋሂቡዎም እንትርከብ ክእለት ንባብ ኣብ ዕላማ ትምህርቲ መፅሓፍ ተምሃራይ ብቑፅሪ ዓሰርተ ብሚእታዊ 16.7% ሸፋን ብምሓዝ ኣብ ቅድሚት እንትስራዕ ብኣንፃሩ ስነ-ፅሑፍ ድማ ብቑፅሪ ሽድሽተ ብሚእታዊ 10% ብምሓዝ ኣብ ድሕሪት ተቐሚጡ እንትርከብ ዝርርብ ብቑፅሪ ሸሞንተ ብሚእታዊ 13.3% ሸፋን ሒዙ ይርከብ። ብመንፅር ሚድ ፈተና ክእለት ንባብ ቀዳማይ ሰሚስተር ንታሽዓይ ክፍሊ እንትርአ ክእለት ንባብን ዝርርብን ምንም ሸፋን ዘይተውሃቦም እንትኾን ስነ-ፅሑፍ ድማ ብቑፅሪ ሰለስተ ብሚእታዊ 20% ሸፋን ተዋሂብዎም ይርከብ። ኣብ መጠቓለሊ ፈተና ቀዳማይ ሰሚስተር ሚድማፅ፣ ዝርርብ፣ ንባብን ፅሕፈትን ምንም ሸፋን ዘይተዋሃቦም እንትኾን ሰዋስውን ቃላትን ብቑፅሪ ማዕረ ዓሰርተ ብሚእታዊ 44% ሸፋን እንትዋሃቦም፤ ስነ-ፅሑፍ ብቑፅሪ ሰለስተ ብሚእታዊ 12% ሸፋን ሒዙ ይርከብ። ኣብ ሚድ ፈተና ካልኣይ ሰሚስተር ምድማፅ፣ ንባብ፣ ፅሕፈትን ዝርርብን ምንም ዓይነት ሸፋን ዘይተዋሃቡ እንትኾን፤ ሰዋስው ብቑፅሪ ትሽዓተ ብሚእታዊ 60%፣ ቃላት ብቑፅሪ ክልተ ብሚእታዊ 13.3%፣ ስነ-ፅሑፍ ብቑፅሪ ኣርባዕተ ብሚእታዊ 26.7% ሸፋን ሒዙ እንትርከብ ኣብ ካልኣይ ሰሚስተር መጠቓለሊ ፈተና ድማ ምድማፅ፣ ዝርርብን ንባብን ምንም ዓይነት ሸፋን ዘይተዋሃቦም እንትኾን ፅሕፈት ብቑፅሪ ክልተ ብሚእታዊ 8.7%፣ ሰዋስው ብቑፅሪ ዓሰርተ ትሽዓተ

ብሚእታዊ 82.6% ዝሓዘ እንትኾን ቃላትን ስነ-ፅሑፍን ብቑፅሪ ማዕረ ሓደ ሓደ ብሚእታዊ 4.3% ሒዞም ይርከቡ።

ብሓፈሻ ዝምድና ዕላማ መፅሓፍ ተምሃራይን ትሕዝቶ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና ታሽዓይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017ዓ.ም. እንትረአ ትኹረቱ ኣብ ሰዋስው ብውሱን መልክዑ ድማ ቃላትን ሰነ-ፅሑፍን ዝገበረ እንትኸውን ንኽእለት ንባብ፣ ዝርርብን ሰነ-ፅሑፍን ምንም ሽፋን ዘይሀበን ዝረሰዐን እዩ። ስለዝኾነ ውን ዝምድና ዕላማ ትምህርቲ መፅሓፍ ተምሃራይ ምስ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊ ፈተናታት ክእለት ንባብ ታሽዓይ ክፍሊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዳዩ እንትርአ ምንም ዝምድና ከምዘይብሎም የመልክት።

## 4.5. ሰለስቲኦም ዕላማታት ብርኪ ትምህርትን ትሕዝቶ ናይ ፈተና ክእለት ንባብ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017 ዓ.ም.

ሰደቓ ትሽዓተ፦ሰለስቲኦም ዕላማታት ብርኪ ትምህርትን ትሕዝቶ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊ ፈተና ክእለት ንባብ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017 ዓ.ም.

| ትሕዝቶታት ትምህርቲ | ዕላማታት መርሃ ትምህርቲ | ዕላማታት መምርሒ ንመምህር | ዕላማታትመ ፅሓፍ ተምሃራይ | **ትሕዝቶ ፈተና ክእለት ንባብ ቋንቋ ትግርኛ 9ይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017ዓ.ም.** | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | **1ይ ሰሚስተር** | | **2ይ ሰሚስተር** | |
| | | | | ሚድ | መጠቓለሊ | ሚድ | መጠቓለሊ |
| ምድማፅ | 4 | 8 | 9 | ___ | ___ | ___ | ___ |
| ዝርርብ | 3 | 6 | 8 | ___ | ___ | ___ | ___ |
| ንባብ | 10 | 10 | 10 | ___ | ___ | ___ | ___ |
| ፅሕፈት | 2 | 9 | 9 | 3 | ___ | ___ | 2 |
| ሰዋስዉ | 4 | 8 | 9 | 8 | 11 | 9 | 19 |
| ቃላት | 7 | 8 | 9 | 1 | 11 | 2 | 1 |
| ስነ ፅሑፍ | 5 | 8 | 6 | 3 | 3 | 4 | 1 |
| ድምር | 45 | 57 | 60 | 15 | 25 | 15 | 23 |

እዚ ሰደቓ ዘመላኽቶ ዋና ዕላማ ናይዚ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ግቡእነት ኣፈታትና ክእለት ንባብ መምህራን ትግርኛ ታሸዓይ ክፍሊ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ቤት ትምህርቲ ዳዩ ንምርኣይ እዩ።በዚ መሰረት እቶም ኣብቲ ብርኪ ትምህርቲ ዝርከቡ ሰለስቲኦም ሰነዳት ንኹሎም ክእለታት ሽፋን ዘለዎም ኮይኖም ዝቐረቡ እንትኾኑ ኣብ ፈተና ክእለት ንባብ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017ዓ.ም. እንትረአ ግና ንክእለታት ምድማፅ፣ ዝርርብ፣ ንባብ ሙሉእ ብሙሉእ፤ ንክእለ ትፅሕፈት ድማ ብኽፋል ምንም ሽፋን እንተይሃበ ንሰለስቲኦም ዕላማታት ትምህርቲ ብዝፃረር መልክዑ ኣብ ውሱን ክእለታት ጥራሕ ማለት እውን ኣብ ሰዋስው፣ ቃላትን ስነ-ፅሑፍን ጥራሕ ትኹረት ገይሩ ከም ዝተዳለወ እቲ ሰነድ የርድእ።

ስለዚ ፈተሻ ዝተገበረሎም ሰነዳት ኣብቲ ብርኪ ዝቐረቡ ዕላማታት ትምህርቲ ምስቶም ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ተዳልዮም ዝቐረቡ ፈተናታት ክእለት ንባብ ታሽዓይ ክፍሊ ዝርከቡ ትሕዝቶታት እንትነፃፀሩ ትሕዝቶታት ክእለት ንባብ ብዘይምክታቱ ከም ድኽመት ክዉሰድ ይኽእል እዩ።

ነዚ ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ ሓሳብ ኣብ ምዕራፍ ክልተ ብዛዕባ እንታይነት ፈተናን ክካተቱ ስለ ዘለዎም ትሕዝቶታት ብዝምልከት Meharensን Lenmana (1974፣3) እንትገልፁ ፈተና ቋንቋ በቲ ዕሉም ቋንቋ ክእለታት ንባብ፣ ፅሕፈት፣ ዝርርብን ምድማፅን ከምኡ እዉን ኣብ ሰዋስው፣ ቃላትን ስነ ፅሑፍን ዘለዎም ፍልጠትን ክንደየናይ ከም ዝኾነ ንምፍላጥ ቅድሚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር፣ ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ወይ ድሕሪ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝዋሃብ መዐቀኒ መሳርሒ እዩ ብምባል ይገልፅዎ። ብተወሳኺ ብዛዕባ ኣመራርፃ ትሕዝቶ መዐቀኒ ክእለት ፈተና ኣመልኪቶም Heaton (1975፣175) እንትገልፅ ፈተና ኣብ መርሃ ትምህርትን መፅሓፍ ተምሃራይን ዝተመስረተ ትሕዝቶ ክህልዎ ኣለዎ። ብተመሳሳሊ Hughes (1989፣25) ድማ ትሕዝቶ መዐቀኒ ክእለት ፈተና ኣብ ውሽጢ መርሃ ትምህርትን መፅሓፍ ተምሃራይን ብዘለው ዕላማታት ዝተመስረተ ክኸውን ኣለዎ ይብል።

ካብዞም ፀሓፍቲ ሓሳብ ዘረደእና ትሕዝቶ ፈተና ቋንቋ እንትዳሎ ንኹሎም ክእለታትን ፍልጠት ስነ ፅሑፍን ዘካተተ ኮይኑ ካብቲ ዕላማ መርሃ ትምህርቲን መፅሓፍ ተምሃራይን መሰረት ተገይሩ ክዳሎ ከም ዘለዎ ይሕብሩ። ኮይኑ ግና ናይዚ ፅንዓት ትኹረት ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ግቡእነት ኣፈታትና ክእለት ንባብ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ዳዩ 2017 ዓ.ም. ብምኻኑ በቶም ፀሓፍቲ ዘቐመጥዎ ሓሳብ እቲ ትሕዝቶ ፈተና ተዳልዩ ኣብ ምቕራብ ዓብይ ድኽመት ዘለዎ እንትኾን ብፍላይ ክዓ ትኹረት እዚ መፅናዕቲ ዘኾነ ትሕዝቶ ክእለት ንባብ ምንም ብዘይ ምክታቱ ምስ ዕላማታት ትምህርቲ ዘይተዛመደን ኣገባብ ዘይብሉን እዩ።

# ምዕራፍ ሓሙሽተ፤ መጠቓለሊ፣ መደምደምታን ለበዋን

## 5.1. መጠቓለሊ

ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ኣብ 2017ዓ.ም. ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ተዳልዮም ዝቐረቡ ትሕዝቶታት ፈተና ክእለት ንባብ ቋንቋ ትግርኛ ታሸዓይ ክፍሊ ምስ ሰለስቲኦም ዕላማታት ብርኪ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ታሸዓይ ክፍሊ ዘለዎም ዝምድናን ግቡእነትን ምግምጋም እንትኾዉን መፅንዒት ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ንምዕዋት ፈተሻ ሰነድ ብምክያድ ኣድለይቲ መረዳእታታት ኣኪባ እያ። መረዳእታ ንምእካብ ዕሉም ኣተሓራርያ ሜላ መፅናዕቲ ኣብ ተግባር ዘውዓለት እንትትኸዉን ትኹረት ዝተወሃቦም ድማ ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ተዳልዮም ዝቐረቡ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተናታት ቋንቋ ትግርኛ ታሸዓይ ክፍሊ 2017ዓ.ም.፤ መርሃ ትምህርቲ ታሸዓይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ ፣ መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ታሸዓይ ክፈሊ ኣብ ጥቕሚ ውዒሎም እዮም።

ካብዞም ሰነዳት ዝተረኸቡ መረዳእታታት መጠናዊ ትሕዝቶኦም ንምሕባር ብቑፅሪ ዝተደገፈ ገለፃዊ ትንተና ቐሪቡ እዩ። ውፅኢት እዚ መፅናዕቲ ዕላማታት መርሃ ትምህርቲ ምስ ትሕዝቶ ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ተዳልዮም ዝቐረቡ ትሕዝቶታት ፈተና 2017ዓ.ም. ዘለዎ ዝምድናን ግቡእነትን እንትረአ ኣብቲ መርሃ ትምህርቲ ኩሎም ዓበይቲን ንኡሳንን ትሕዝቶ ክእለታት ቋንቋ ኣካቲቱ ዝሓዘ እንትኾን ኣብ ትሕዝቶ ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ተዳልዮም ዝቐረቡ ፈተናታት ቋንቋ ትግርኛ 2017ዓ.ም እንትረአ ግና ክእለት ምድማፅ፣ ንባብን ዝርርብን ሙሉእ ብሙሉእ ዘየካተተ እንትኸውን ንክእለት ፅሕፈት ድማ ብኽፋል ዘግለለ እዩ። ብኣንፃሩ ኣብ መራሃ ትምህርቲ ሰፊሕ ሽፋን ዝተውሃቦ ክእለት ንባብ ምስ ዕላማ መርሃ ትምህርቲ ብዝተፃራረ መልክዑ ምንም

ትሕዝቶ ከም ዘይተኻተተ ካብቲ ሰነድ ዝተረኸበ ፈተሻ የርኢ።

ዕላማታት መምርሒ ንመምህርን ትሕዝቶ ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ተዳልዮም ዝቐረቡ ትሕዝቶታት ፈተና 2017ዓ.ም. ዘለዎ ዝምድናን ግቡእነትን እንትረአ ኣብቲ መምርሒ ንመምህር ኩሎም ዓበይቲን ንኡሳንን ትሕዝቶ ክእለታት ቋንቋ ኣካቲቱ ዝሓዘ እንትኾን ኣብ ትሕዝቶ ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ተዳልዮም ዝቐረቡ ፈተናታት ቋንቋ ትግርኛ 2017ዓ.ም እንትረአ ግና ክእለት ምድማፅ፣ ንባብን ዝርርብን ሙሉእ ብሙሉእ ዘየካተተ እንትኸውን ንክእለት ፅሕፈት ድማ ብኽፋል ከየካተተ ዝተዳለወ እዩ። ኣብ መምርሒ ንመምህር ሰፊሕ ሽፋን ዝተውሃቦ ክእለት ንባብ ምስ ዕላማ መምርሕ ንመምህር ብዝፃባእ መልክዑ ምንም ትሕዝቶ ከም ዘይተኻተተ ካብቲ ሰነድ ዝተረኸበ ፈተሻ የርኢ።
እቲ ኻሊእ ዝተፈተሸ ሰነድ ከዓ ዕላማታት መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ምስ ትሕዝቶ ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ተዳልዮም ዝቐረቡ ትሕዝቶታት ፈተና 2017ዓ.ም. ዘለዎ ዝምድናን ግቡእነትን እንትረአ ኣብቲ መፅሓፍ ተምሃራይ ኩሎም ዓበይቲን ንኡሳንን ትሕዝቶ ክእለታት ቋንቋ ኣካቲቱ ዝሓዘ እንትኾን ኣብ ትሕዝቶ ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ተዳልዮም ዝቐረቡ ፈተናታት ቋንቋ ተግርኛ 2017ዓ.ም እንተረአ ግና ክእለት ምድማፅ፣ ንባብን ዝርርብን ሙሉእ ብሙሉእ ዘየካተተ እንትኸውን ንክእለት ፅሕፈት ድማ ብኽፋል ዘግለለ እዩ። ብኣንፃሩ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ሰፊሕ ሽፋን ዝተውሃቦ ክእለት ንባብ ምስ ዕላማ መፅሓፍ ተምሃራይ ብዘይቃዶ መልክዑ ምንም ትሕዝቶ ከም ዘይተኻተተ ካብቲ ሰነድ ዝተረኸበ ፈተሻ የርኢ።

ብሓፈሻ ክእለት ንባብ ኣብ ዕላማታት መርሃ ትምህርቲ፣ መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ሙሉእ ሽፋን ተዋሂብዎ እናሃለወ ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ተዳልዮም ዝቐረቡ ትሕዝቶታት ፈተና ክእለት ንባብ 2017ዓ.ም. ግን ብኣንፃሩ ምንም ዓይነት ትሕዝቶ ፈተና ብዘይምክታቱ እቲ ተዳልዩ ዝቐረበ ፈተና ምስ ዕላማታት መርሃ ትምህርቲ፣ መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ዘለዎ ዝምድናን ግቡእነትን እንትረአ ኣዝዩ ዝደኸመን ምንም ዝምድና ኮነ ግቡእነት ዘይብሉ ምኧኑ ካብቲ ዝተረኸበ ሰነድ ምርዳእ ተኻኢሉ።

## 5.2. መደምደምታ

ብዛዕባ ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ግቡእነት ኣገባብ ኣፈታትናን ፈተናታት ክእለት ንባብ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ዳዩ መረዳእታ ድሕሪ ምእካብን ምትንታንን እዞም ዝስዕቡ መደምደምታ ሓሳባት ተዋሂቡ ኣሎ።

- ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ተዳልዮም ዝቐረቡ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ሚድን መጠቓለሊን ፈተና ክእለት ንባብ ታሽዓይ ክፍሊ 2017ዓ.ም. ትሕዝቶኦም ተፈልዩ ተገምጊሙ እዩ።
- ኣብዞም ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ተዳልዮም ዝቐረቡ ትሕዝቶታት ፈተና ክእለት ንባብ ታሽዓይ ክፍሊ 2017ዓ.ም. ዝተኻተቱ ትሕዝቶታት ንዕላማታት መርሃ ትምህርቲ፣ መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን መሰረት ብምግባር ዝተዳለወ ከም ዘይኮነ ካብቲ ዝተረኸበ መረዳእታ ምርዳእ ተኻኢሉ እዩ።
- ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ተዳልዮም ዝቐረቡ ትሕዝቶታት ፈተና ክእለት ንባብ ታሽዓይ ክፍሊ 2017ዓ.ም. ንክእለት ንባብ፣ ዝርርብን ንባብን ሙሉእ ብሙሉእ ሽፋን ዘይሃቡ ንሰዋስው፣ ቃላትን ስነ-ፅሑፍን ትኹረት ዝገበሩ ምዃኖም ዝተረኸበ መረዳእታ የመላኽት።
- ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ዳዩ ተዳልዮም ዝቐረቡ ትሕዝቶታት ፈተና ክእለት ንባብ ታሽዓይ ክፍሊ 2017ዓ.ም. ምስ ዕላማታት ትምህርቲ ዘይቃደውን ኣብ ውሱን ክእለታት ማለት ሰዋስውን ቃላትን ስነ-ፅሑፍን ጥራሕ ትኹረት ዝገበሩን ብኣንፃሩ ትኹረት እዚ መፅናዕቲ ንዝኾነ ክእለት ንባብ ዘየካተቱ ብምዃኖም ዝምድና ይኹን ግቡእነት ዘይብሎም እዩም።

## 5.3 ለበዋ

መፅንዒት ካብ ዉፅኢት እዚ መፅናዕቲ ብምብጋስ እዚ ዝስዕብ ለበዋ ኣቕሪባ ኣላ።

- ✓ ዝምልከቶም ኣካላት ማለት እውን መምህራን፣ ርእሳነ መምህራንን ሱፐርቫይዘራትን ትምህርቲ ቋንቋ ሒዝዎ ዝለዓል ዕላማ ክእለታትን ፍልጠትን ንምዕባይ ምዃኑ ተረዲኦም ነዚኦም ዘማለአ ሕቶታት ፈተና

ክዳለዉ ኣብ ምግባር እጃሞም ክዋፅኡ እላቦ፤

- ✓ ተምሃሮ ዝተምሃርዎ ትምህርትን ዘምፅእዎ ለውጥን ንምግምጋም ኩሎም ንምስትምሃር ዝቐረቡ ዕላማታት ትምህርቲ ኣብ ትሕዝቶ ፈተና እውን ተመጣጣኒ ዝኾነ ሽፋን ክህልዎም ኣለዎ። ብምኳኑ ውን መምህራን ፈተና እንተዳልው ነዚ ተረዲኦም ኣብ ምድላው ፈተና ዕላማታት ትምህርቲ ምስ ትሕዝቶ ፈተና ተመጣጠንቲ ንክኾኑ ጠመተ እንተዝህብዎ፤
- ✓ መምህራን ኣብ ኣደላልዋ ፈተና መሰረት ዝገበረ ተሞኩሮ ልውውጥን ሓፀርቲ ስልጠናታትን ክረኽቡ እንተዝግበር፤
- ✓ ፈተናን ምምሃር ምስትምሃርን ከይተነፃፃሉ ዝትግበሩ ተግባራት ስለ ዝኾኑ ብደረጃ ክልል ንርእሰ መምህራን፣ ንምክትል ርእሰ መምህራን፣ ንመራሕቲ ዲፓርትመንትን ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠናታት ብምሃብ እቲ ስልጠና ናብ ባይታ ወይ ናብ ኩሎም መምህራን ክስፋሕፋሕ እንተዝግበር፤

## መዋኽስቲ ድርሳናት


ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ። ። ትግርኛ መፅሓፍ ተምሃራይ 9ይ ክፍሊ። Star Educational Books Distributers Baharat Ram Road.Daryaganj, New Delhi 110002, India. And Aster Nega Publishing Interprise, Addis Abeba, Ethiopia. 2008ዓ.ም.

___________። ትግርኛ መምርሒ ንመምህር 9ይ ክፍሊ። Star Educational Books Distributers Pvt. Ltd. Baharat Ram Road.Daryaganj, New Delhi 110002, India. And Aster Nega Publishing Interprise, Addis Abeba, Ethiopia. 2008ዓ.ም.

ሃይላይ ኣፅብሃ። (2009) ።ዳህሳስ ኣደላልዋ ፈተናታት። (ንመማልኢ ካልኣይ ዲግሪ ዝቐረበ ዘይተሓተመ መፅናዕታዊ ፅሑፍ) ። ዩኒቨርስቲ መቐለ።

ፍረወይኒ በርሀ። (2012) ።ገምጋም ዝምድና ዕላማ ብርኪ ትምህርትን ትሕዝቶ ሃገራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ 10ይ ክፍሊ (2010-2011ዓ.ም.) ። (ንመማልኢ ካልኣይ ዲግሪ

ዝቐረበ ዘይተሓተመ መፅናዕታዊ ፅሑፍ) ። ዩኒቨርስቲ መቐለ።

ዳንኤል ተኹሉ። (1998) ።ሜላታት ኣመሃህራን ኣፈታትናን ክእለታት ቋንቋ። ቤት ሕትመት ሜጋ መቐለ።

ተስፋዬሸዋየ። (1981) ።ስነልሳንና ቋንቋን ማስተማር።ኣዲስ ኣበባ፣ንግድ ማተምያ ድርጅት።

ያለው እንዳወቀ። (2004) ።የምርምርመሰረታዊ መርሆችና ኣተገባበር።ሳልሳይ ሕታም ባህርዳር ዩኒቨርሰቲ።

Arega Mamaru. (2004). Classroom Assessment manualfor primary and

Secondary School teachers. Addis Abba, National Educational Assessment and Examinations Ajency.

Batchman. (1990). Fundamental consideration intesting. Oxford, Oxford University Press.

Brown, D.H. (2003). Language Assessment principles and class room practice, long man, printed in united state of America.

Davies. (1990). principles ofLanguage Testing.Oxford, Basil Black well.

Harmer, J. (2007). The practice of English LanguageTeaching, Harlow, peason Education.

Heaton, J.B. (2001). Teaching in Testing.Oxford, Oxford University press.

Hughes. (2003). Testing for language Teachers, Combridge, Univesity press.

Izard.J.(2005). Ttial Testing and Item Analysis in Test constraction: Quantitative Research methods in educational planning. UNESCO: IIEP’s print shop.

Madsen, J.S. (2001). Teaching in testing. oxford, Oxford university press.

Richards, J.C. (2003). Long man Dictionary of Language Teaching and applied Lingustics.3rd ed. long man, peason Education limited.

Stern, H.H. (1983). Fundamental Language Teaching. published by oxford University press.